# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 36 ዓመት ቁ.27 | ሓሙስ 1 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ጽልዋ ሰብ-ሰርሓ ብልሒ ኣብ ሸቐለት




ገጽ 4
ዝርጋሐ ዝተፈብረኸ ዜና




ገጽ 5
ዝምድናን ብህሎናን...



ገጽ 7
ምልክታ


## ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዝኽሪ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምቍጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣካየዱ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምቍጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ ምኽንያት ብምግባር፡ “ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምቍጽጻር ሓቢርና ንስራሕ” ብዝብል ቴማ፡ ብ28 መስከረም ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ዓውደዘተ ወዲቡ።

ኣብ'ቲ ኣስላዎት ሓለፍቲ ሚኒስትሪታት ሕርሻን ጥዕናን፡ ወከልቲ ውድብ መግቢን ሕርሻን ሕቡራት ሃገራን ውድብ ጥዕና ዓለምን፡ ከምኡ'ውን ወከልቲ ዝምልከቶም መሻርኽቲ ኣካላትን ማሕበራትን ዝተሳተፍዎ ዓውደዘተ፡ ግዝያዊ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ኣቶ ካሕሳይ ነጋሽ ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ምልክታት ምስ ኣርኣየ ቀልጢፉ ዝቐትል ምዃኑ፣ እንተኾነ ኣብ ግዜኡ ብዝወሃብ ክታበት ጥዕና፡ ብቐሊሉ ብዘይገደስ ንጥፈታት ምክልኻሉ፡ ብቐንዱ ድማ ብዘይጉልብ ወፍራታት ክታበት ክፍጸም ከምዝከኣል ገለጹ።

ንወከል ውድብ መግቢን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ሚስ ኣረላ ግሊሺን ወኪሉ ቃል ዘስምዐ ሚስተር ሊቪን ግራዲዝ ብወገኑ፡ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣብ'ቶም ብደረጃ ዓለም ዝለዓለ ናይ ሞት ሓደጋ ዘስዕቡ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ምዕባይ መሰረታዊ ከምዝኾነ ኣመልኪቱ።

ወኪል ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ኤርትራ ዶ/ር ሚሪ ስቲፋኖ ብወገና፡ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምጥፋእ፡ ንጥዕና ሰብ፡ ጥዕና እንስሳን ጥዕና ኣከባብን ዘተኣሳስር ስርዓት ከምዝድሊ ብምሕባር፡ ብደረጃ ዓለም ዓመታዊ ኣስታት 59 ሽሕ ሰባት ብሰንኪ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ከምዝሞቱ፡ ካብዚኦም ድማ እቶም ዝበዝሑ ህጻናት ምዃኖም ኣብሪሃ።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ዓለምለኻዊ፡ ዞባውን ሃገራውን ኩነታት ሕማም ዕቡድ ከልቢ፣ ዓቕሚ መርመራ ላቦራቶሪ ኣብ ምንጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ፣ ምቍጽጻርን ምክልኻልን ሕማም ዕቡድ ከልብን ጽልዋኡ ኣብ ጥዕና ህዝቢን፣ ከምኡ'ውን ሕጋውን ቀጽጻራውን መሳርሒታት ኣብ ምቍጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ ዝብል ወረቓቕቲ ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ንምቍጽጻር ዝተወሃሃደ ስርዓት ክሕይል፣ ንክኢላታት ብብደረጃኡ ስልጠናታት ክወሃብ፣ መደባት ምብራኽ ንቕሓት ዘይዳ ክድፋኣሉ፣ ዋና ዘለዎምን ፋሉላትን ኣኽላባት ንምፍላይ ድማ ስርዓተ ሓበሬታ ክዓሎ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ - ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና እንስሳን ብቐሊልን ዶ/ር ዮናስ ወልዱ ኣብ ዘሰሞ መዛዘሚ ቃል፡ ክሳብ 2030 ሕማም ዕቡድ ከልቢ ናይ ምጥፋእ ሸቶ ስለዘሎ፡ ምትሕብባር ዝምልከቶም ኣካላት ንኸሰጥም፡ ቴክኒካዊ ሸማግለ ክቐውም ጸዊዑ።



## ደ/ቀ/ባሕሪ - መደባት ‘ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ’ ብምልኣት ንምትግባር ይሰራሕ ኣሎ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ መደባት ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ብምልኣት ንምትግባር፡ ብ25 መስከረም ኣብ ዓሰብ ዘተ ወዲቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ስዒድ ማንታይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መደባት ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ፡ ኣካል ናይ'ቲ ምህርቲ ብመጠንን ዓይነትን ክዑብ ብምባል መኣዛዊ መግቢ ንምውሓስን መነባብሮ ሓረስታይ ንምምሕያሽን ዝካየድ ጻዕሪታት ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ትግባረኡ ኣብ ባይታ ክረጋገጽ ተራ ምምሕዳራት ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።



ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቦ-መንበር ኮሚቲ መደባት ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣቶ የኤል የናስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኑቲ መደብ ብምልኣት ንምትግባር ተራ መሻርኽቲ ኣካላትን ሓያል ጻዕሪ ሓረስቶትን ከምዝድሊ ብምጥቃስ፡ ኣብ ውሱን ቦታ ሕርሻዊ ልምዓት ምትግባር፡ ዕስለ ዝህቢ ምውናን፡ ከምኡ'ውን ደርሁን ናይ ጸባ ከብትን ምርባሕ ከምዝጠቓልል ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብኩታውያን ሓረስቶት ተመኩሮኦም ንምክፋልን መረዳእታ ሕብረተሰብ ንምዕባይን ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተላቢዮም።

ብኻልእ ወገን፡ ጨንፈር ሃብቶ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ምስ ጨንፈር ጥዕና ብምውህሃድ፡ ንወከልቲ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ኣብ ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ዘተኰረ ጥዕናዊ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ካብ 23 ክሳብ 25 መስከረም ኣብ ዓሰብ ዝተዋህበ፡ መራሕቲ ማሕበራትን ሰራሕተኛታት ፌደረሽናትን ዝተሳተፍዎ ኣስተምህሮ፡ ጠንቅን ሳዕቤናትን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ከምኡ'ውን ሽኮሪያ ዘጠቓልለ ነይሩ።

## ፎሮ - ኣብ ኣይሮማለ ዝካየድ ዘሎ ሕርሻዊ ልምዓት ንምድንፋዕ ዘተ ተኻዩዱ

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣቶ ዑስማን ዓረፋ፡ ብ29 መስከረም - ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣይሮማለ ዝካየድ ዘሎ መደባት ሕርሻዊ ልምዓት ኣብ ዝዝትየሉ፡ ብዛዕባ'ቲ ስራሕን ጸገማቱን ምስ ሓረስቶትን ዝምልከቶም ኣካላትን ዘትዮ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣስታት 350 ሄክታር ከልምዕ ትጽቢት ዝግበረሉ መእለዪ ውሒጅ ኣብ ዝሽፍነሉ፡ ኑቲ ስራሕ ብዝመርሑ ዘለዉ ክኢላታት መብርሂ ተዋሂብዎ።

ኣቶ ዑስማን፡ እቲ ስራሕ ኣድማዒ ውጽኢት ንኽርከቡ፡ ሓረስቶት ካብ ግራውቶም ከይተፈልዩ ብትግሃት ክሰጥፉ ብምዝኽኻር፡ ኣብ'ቲ ስራሕ ብጉልበት ንዝሳተፉ ዘለዉ ነበርቲ ብስም ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣመስጊኑ።

ኑቲ ስራሕ ዝመርሕ ዘሎ ካብ ጨንፈር ሕርሻ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኢንጅነር ከሰተ ገብረትንሳኤ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ መእለዪ ውሒጅ ልዕሊ 190 ሜትሮ ንውሓት፡ 2 ሜትሮ ጎድን ልዕሊ 3 ሜትሮ ቁመትን ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ኣስታት 80 ሚእታዊት ከምዝተዛዘመ ኣብሪሁ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኣይሮማለ ኣቶ ሮሞዳን ዓሊ ብወገኑ፡ ቀደም ሕጂ ብሓገዝ ማሽነሪ፡ ኣብዐርን ጉልበት ሰብን ንጥፈታት ምእላይ ውሒጅ የካይዱ'ኳ እንተነበሩ፡ ብሓመድ ጥራይ ይስራሕ ስለዝነበረ ብቐሊሉ ይፈርስ ምንባሩ ብምግላጽ፡ እዚ ሕጂ ብመንደቕ ዝስራሕ ዘሎ ግና ዘላቒ ፍታሕ ከምጽእ ተስፋ ከምዘለዎም ኣረዲኡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ዞላን ኣፍታን ንዝርከብ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሄክታር ዝሰቲ ኣስታት 30 ሜትሮ መእለዪ ውሒጅ ክዝዘም ከሎ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሮብሮብያ ኣስታት 600 ሄክታር ዝሰቲ መእለዪ ውሓይዝ ኣብ ሰለስተ ቦታታት ይስራሕ ከምዘሎን ኣስታት 90 ሚእታዊት ከምእተዛዘመን ተፈሊጡ'ሎ።

ምምሕዳር ከባቢ ኣይሮማለ፡ ካብ ሓውሲ ከተማ ፎሮ ንሸነኽ ምዕራብ ኣስታት 8 ኪሎ ሜትር ርሒቑ ዝርከብ ኮይኑ፡ ብምሕረሰን መጓሰን ዝናበር ኣስታት 4 ሽሕ ህዝቢ ኣለዎ።

# ፎርቶ-ሳዋ - ብጉድለት ጽሬት ዝኸሰቱ ሕማማት ንምግታእ ይሰራሕ



ኣብ ን/ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ነበርቲ ክልተ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ሰራሕተኛታት መንግስትን ብሰንኪ ጉድለት ጽሬት ዝኸሰቱ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምቁጽጻር ናይ ጽሬት ንጥፈታት ኣሰሲሶም።

እቲ ብሞያውያን ዝተመርሐን ብቐንዱ መልከፍቲ ዓሶ ንምግታእ ዝተወደበን ዕማም፡ ምጽንጻል ተምሪ ሙሉ፡ ምድፋን ማይ ዝዕቀር ጉድጓዲን ምንጻግ ጸረ ጣንጡ መድሃኒትን ከምዝጠቓለለ፡ ኣመሓዳሪ ሓውሲ ከተማ ፎርቶ-ሳዋ ኣቶ መንሱር ዑስማን ሓቢሩ።

ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ብምትሕብባር ምስ ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ዘካየድዎ ንጥፈታት፡ ዓመታዊ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ንዝኸሰት ዘሎ መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ኣብ ምምካት ዓቢ እጃም ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ተመሳሲሊ መደባት ንምትግባር ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

# ንባህልን መንነትን ዘንጸባርቕ ኣልባሳት ክደፍኣሉ መዘኻኸሪ ቀሪቡ



ኣቦ-መንበር ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ፍቕረየሱስ ብርሃ፡ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ንባህልን መንነትን ዘንጸባርቕ ኣለባብሳ ክደፍኣሉ ጸዊዑ።

ብምኽንያት ቅኑ ቱሪዝም ኣብ ዝተገብረ ሓበሬታ፡ ባህላዊ ኣለባብሳ ብዘሪራትና ዘንጸባርቕ ኣልባሳት ምኽዳኑ፡ ሃገራዊ መዚቓ ምዝውታር፡ ከምኡ'ውን ንታሪኽናን መንነትናን ዘንጸባርቕ ትሕዝቶታት ምቕራብ፡ ክሳዕ ምዕቃብ ባህሊ ማሕበረ ቱሪዝም ከምዘኸሶ ገሊጹ።

ወሃብቲ ኣገልግሎት - ትካላቶም ከወቕቡ፣ ከምኡ'ውን ሰራሕተኛታት ብባህላዊ ኣልባሳት ከምዝምዕርጉ ምግባር'ውን፡ ኣካል ናይ'ዚ ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም ዝተወደበ ቅኑ ከምዘኸሶ ብምሕባር፡ ኩለን ትካላት ነቲ መደብ ብጸቡቕ መንፈስ ተቐቢለን ዝርኣይኦ ተገዳስነት ብምምጓሱ፡ ኣብ ህዝቢ'ውን ፍሉይ ተማስጦ ከምዝፈጠረ ኣብሪሁ።

ንባህልናን መንነትናን ዘንጸባርቕ ኣልባሳት ኣብ ፍሉይ ኢጋጥሚታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ንህዝቢ ኣገልግሎት ኣብ ዝወሃበሉ ቦታታት ብዝሓየለ ክትግበር፡ ከምኡ'ውን ኣሳእልን ጽሑፋትን ኣብ ትካላት ክሰቐል፡ ገለ ካብ'ቶም ኣብ መጻኢ ተታሓዚም ዘለዉ መደባት ምዃኖም'ውን ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ፍቕረየሱስ፡ ተራ ቱሪዝም ኣብ ቁጠባ ብቐሊል ዝጥመት ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ሕብረተሰብ ኣብ ዕቃብ ቅርስን ቱሪዝማዊ ጸጋታትን ንቕሓቱ ክበርኽ ተላቢዩ።

27 መስከረም - ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም፡ "ሰብ ሰርሖ ብልሒ ንዳግመ ክሉሳ ቱሪዝም" ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ከተማ ከረን ካብ 24 ክሳብ 30 መስከረም ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ብምውቃብ ብውዕወዕ ኣገባብ ተጸንቢሉ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


# መደረ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ኣብ መበል 81 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት

**ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን**

**ክቡር ዶክተር ካለሮ ራሕዮማ፡ ፕረዚደንት ማበል 81 መጋባኢያ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕ.ሃ፤**

**ክቡር ኣንቶንዮ ጉተረዝ፡ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት፤**
**ክቡራን መራሕቲ ልኡኻት፤**

ዓመት-ዓመት፡ ኣብ ከም'ዚ ኢጋጥሚ፡ ኣብ ኣእምሮ ቅጅል ዝብል ሕቶታት፡ ... እንታይ ክበሃል'ዩ? ... ዓመት ድሕሪ ዓመት ናይ ዝመጸ ምዕባለታት ምጽብጻብ ድዩ? ... ከም ዝኾነ ድግስ፡ ናይ ህዝባዊ ርክባት ድርሳን ምስማዕ ድዩ? ... ዓመት-ዓመት ቀጻልነት ዘለዎ ስሩዕ ኣጀንዳታት ኣሎ ድዩ? ... እቲ መቓን (contex) እንታይ'ዩ? ... ተልእኾ ናይቲ መጋባኢያ እንታይ'ዩ? ... መለክዒ ኽሲ ዓወት እንታይ'ዩ? ...ወዘተ ... ወዘተ።

ኣብ ዝሓለፈ መጋባኢያታት፡ ኪኖ ምጥቃስ ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ ሕቡራት ሃገራት፡ ነዚ ኣህጉራዊ ውድብ ንምፍጣር ዝደረኸ፡ ሃንቀውታ ህዝብታት ንሰላምን ዕበየትን ራህዋን፡ .... ነቲ ሃንቀውታ ዘንቀለ ቀዳማይ ብደሆ (ቁጠባዊ በደል/injustice)፡ .... ዕላማታት ህላወ ኣህጉራዊ ውድብ? ... ቅርጺ ወይ መዋቕር? . . . ብኸምዚ ዝስዕብ ቅርጹ-መቓን (framework) ቀሪቡ ነይሩ።

* ቀንዲን ቀዳማይን ብደሆ ደቂ-ሰብ ቁጠባዊ በደል ኩይኑ፡ ሃብቲ ምፍጣርን ምኽዕባትን ብዓቢኡ፣ ብልክዕነት ከኣ ምቕራሐ ሃብቲን እቶትን እዩ። እቲ በደል፡ ሰባት ብምሉእ ሓርነት ሃብቲ ናይ ምፍጣርን ምኽዕባትን ኣኽኣሊ (enabling) ዕድልን መሰልን ስለ ዘንፈጎም፡ በቲ ሓደ ወገን ድማ ንዘርካቡ ዝፈጠርዎ ሃብቲ ርትዓዊ ናይ ምቕራሐ መሰልን ዕድልን ስለ ዝምንጥሎም'ዩ። ስለዚ ከኣ'ዩ ህሉው ዓለማዊ ስርዓት፡ "ስርዓት ባዶ ድምር" ዝኾነውን ዝበሃልን። ደቂ-ሰብ ካብ "ስርዓት ባዶ ድምር" ክወጹን፡ ሓድሽ ናይ ፍትሕን ርትዕን ስርዓት ከምጽኡን ክቃለሱን ከኣ መጻኢታዊ ውልቃውን ሓብራውን ማሰለም ይኸውን።

* እቲ ተልእኾ ናይቲ ቃልሲ ብቐሊሉ፣

* ሰባት ቁጠባዊ ጸጋታቶምን ምህርቲ ዕዮኦምን ብርትዓዊ ኣገባብ ወኒኖም፡ ሃብቲ እናኸዕበቱ ኣብ ዘላቒ ናይ ወለዶታት ዕበየትን ራህዋን ክበጽሑ፣

* ራህዋን ዕበየትን ንምውሓስ፡ ሰላምን ርግኣትን ምንጋስ፣

* ሰላምን ርግኣትን ንምንጋስ ከኣ ርትዕን ፍትሕን ምርግጋጽ፣

* ዝሰፍሐ - ዞባዊ ኮነ ዓለማዊ - ሰላምን ርግኣትን ሓብራዊ ዕበየትን ንምድራዕ ከኣ ልዕልና ሕግን ሓድሕድ ምኽባርን ምምልላእን ጥምረትን፣

* እዞም መጻኢታውያን መትከላት ወይ ክብርታት ሃንቀውታ ደቂ-ሰብ ዝኣዝዘ ሕጋዊ ፈጻሚን (Commitment) ቅርጺን ኣሊያን ምትካል።

* ኣምር ናይ'ቲ ዝቐረበ ቅርጹ-መቓን (framework) ዘየከራኽር፡ ሓድሽ ምህዞ ዘይብሉ፡ ክሰፍሕን ክሃብትምን ዘለዎ ጉዳይ'ዩ።

ዓመት መጺ ዓመት ከደ፡ ኪኖ ኽሲ ምልካዕ ኣርእስቲታት ምቕያር ዝሓትት ኣይኮነን።

ካብ ማበል 80 መጋባኢያ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ንጀው ተኸሲቶም ዘለዉ ምዕባለታት፡ ምስ ክዉንነት ናይ'ዚ ኣህጉራዊ ውድብ፡ ብተዛማዲነት ከም መምሃሪ ጥራይ ክረኣዩ እምበር፡ ንኣተኩሮ ህዝብታት ዓለም ካብቲ ቀንዲ ተልእኾን ቃልስን ከዘንብዑ ኣይግባእን። ፕረዚደንት ትራምፕ'ን ማጋኡን፡ ከስዕብ ዝኽእል ኣንፈታትን ሓዋርዊ ኣሰራቱን፣ ኣብ ኣራን ተኸፊቱ ዘሎን ደው ኪብል ዘለዎን ኩናትን፣ ናቶን ኣብ መድረኽ ኢትራዩና ዝካየድ ዘሎ ናይ 'ድረታ' ኩናትን ደው ምባሉን፣ ዓለማዊ ክሊማዊ ምግልባጣትን ናይ ሓዋሩ መቆጻጸሪ ፍታሕን፣ ኣብቲ 'ጎደቦና' እንብሎ ንተፋሰስ ኒልን ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ወሽመጥን ዘጠቓልል፡ ህወትት ንምዝራእ ዝእወጅ ዘሎ ኩናትን ሸርሒታትን ምኽሳፉን፣ ብስም 'ረድኤት' ዝካየዱ ኣልማሳዊ ምትእትታዋትን ደው ምባሎምን፣ ገለ ካብ ተጠመትቲ ጉዳያት እዮም።

ካብኡ ናብኡ፡ ኣብቲ ናይ ዝምታን ዕበለላን ዓሎቕን ዓለማዊ 'ስርዓት ባዶ ድምር'፡ ቀንዲን ቀዳማይን ተበዳሊ ኣብ ቁጠባታት ዕንጋሎ ዝርከብ ህዝብታት ኣፍሪቃ ስለዝኾኑ፡ ኣብ መኸተ ንፍትሕን ርትዕን ብባህሪ ቅድም ዝሰርዕ ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝሰፍሐ ዓለማዊ መቓን ናይ ተልእኾታት ስትራተጂ ቀዳሲ፡ ልሙሳትን ዓንቀፍትን መዋቕራት ኣወጊዱ፡ ብዝለዓለ ጥምረትን ሓይልን ካብ ምቅላስ ካልእ ሕርያ የብሎን።

ሰናይ ትምኒት!
የቐንየለይ

# ተፈጥሮኣዊ ጽባቐና ካብ ዘበላሸዉ መመላኽዒታት ምጥቃም ንቆጠብ!

**3ይ መልእኽቲ**

**3. ሳዕቤናት ናይ ቆርበት ዘቕይሑ/ዝጻዕድዉ መመላኽዒታት እንታይ እዮም፤**

. ኣብ ዝሓለፈ ከም ዝተጠቕሰ፡ ቆርበት ዘቕይሑ/ዝጻዕድዉ መመላኽዒታት ሓደገኛ ኬሚካላዊ ትሕዝቶ (ከም ሜርኩሪ) ወይ'ውን መድሃኒት-ሓዘል ትሕዝቶ (ከም ሃይድሮኲኖን፡ ስተሮይድ) ዝሓዙ እዮም። እዞም ባእታታት እዚኣቶም ድማ ከም ምርቃቕን ምድራቕን ቆርበት፡ ሰሓ፡ ዕንፍሩር፡ ብርቱዕ ቁጥዐ (allergy)፡ ከምኡ ውን ምጽላእ ቆርበት ከስዕቡልና ይኽእሉ። ካብ ቆርበት ሓሊፎም'ውን ከም ምዕናው ቲሹታት፡ ምዕናው ኩሊት፡ ምዕናው ጸላም ከብዲ፡ ጸገም ኣብ ስርዓት መትኒ፡ ጸገም ኣብ ስርዓት መፍረ ወዘተ ከስዕቡልና ይኽእሉ። ንዋዒሕ እዋን ናብ'ዞም ፍርያት እዚኦም ምቅላዕ'ውን ተኽእሎታት ሕማም መንሸሮ ክዛይድ ይኽእል።

**መልእኽቲ ካብ ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ**

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፋይ ሓጎስ

# ጽልዋ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ኣብ ሸቕለት

ኣብርሃም በረኸት

ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ጃኮብ ኮክሰን ዝተባህለ ኣብ ምምዕባል ሰብ-ሰርሖ ብልሒ (ሰሰብ) ዝጎየፍ ክኢላ፡ ንደረጃ ምዕባለ እዚ ተክኖሎጂ ኣመልኪቱ ዝሃቦ ርእይቶን ንዕኡ ስዒቡ ብርክት ብዝበሉ ጸለውቲ-ሰባት ዝወሃብ ዘሎ ሓሳባትን ኣተኩሮ ስሒቡ ይርከብ። ጃኮብ ኮክሰን ንዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ‘ኣንትሮፒክ’ ከምኡ’ውን ‘ኦውፐን-ኣይኣይ’ ኣብ ዝተባህላ ትካላት ኣብ ምምዕባል ሰሰብ ዝተፈላለየ መጽናዕቲ ከካይድ ዝጸንሐ ክኢላ’ዩ። ጃኮብ፡ እዘን ትካላት ዝኸድኦ ዘለዋ ጉዕዞ ዘይሓላፍነታውን ናብ ህልቂት ደቂሰብ ዘምርሕን እዩ ብምባል ካብ ስርሑ ብወለንትኡ ከም ዝተኣለየ ብምሕባር ናይ መጠንቀቕታ ደወል ዘሰምዐ’ዩ። ንሱ፡ ‘ኤክስ’ ኣብ ዝበሃል መድረኽ ማሕበራዊ መራኸቢ ኣብ ዘዘርገሖ መልእኽቲ፡ ክልቲአን ትካላት ሰሰብ ምሉእ ብምሉእ ብጉዝእርእሱ ማለት ብሰብ ከይተጸልወ ዝመሃረሉን ዝውሰነሉን ኣገባብ ከምዝተኣታቶ ብምግባር ኑቲ ተበጺሑ ዘሎ ተክኖሎጂ ናብ ድንቂ-ብልሒ (ሱፐር-ኢንተሊጀንስ) ከምዝብርኽ ንምግባሩ ብምሉእ ዓቕመን ይሰርሓ ምህላወን ይገልጽ።

ጃኮብ ኮክሰን ንዘዘርገሖ መጠንቀቕታ-ሓዘል መልእኽቲ መንቀሊ ብምግባር ድማ ኣብ ኢሎን ማስክ ክሳዕ ዶናልድ ትራምፕ ዝርከብዎም ክኢላታት ተክኖሎጅን ፖለቲከኛታትን፡ ተጋራጫውን ንዘሎ ናይ መረዳእታ ጋግ ዘንጸባርቕን ርእይቶታትን መርገጺታትን የውሕዙ ኣለዉ። ዝበዝሐ ኣብ ዘቐርብ ዘሎ ሓሳብ ከኣ ምስ ርእይቶ ጃኮብ ኮክሰን ዝሰማማዕ’ዩ። እንተኾነ ንምሕደራ ሰሰብ ዝቕይድ ሕግታትን ፖሊሲታትን ኣብ ምጽዳቕ መሪሕ ተራ ዘለዎም ገለ ኣመራርሓውያን ግና መስርሕ ምዕባለ ሰሰብ ዘሰክፍ ነገር ከምዘይብሉ፡ እንታይ ደኣ ከም ቻይና ዝኣመሰላ ኣብ ምምዕባል ሰሰብ ካብ ሃገሮም ድሒረን ኣለዋ ብዝብሉወን ሃገራት ዝዘርጋሕ ዘሎ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ምዃኑ ይገልጹ።

እዚ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ መረዳእታ ጋግ ብዙተፈላለዩ ኩርንዓት ዝርኣ’ዩ። ሓደ ካብኡ፡ እተን ኣብዚ ዓውዲ ሰጒመን ዘለዋ ሃገራት ወይ ትካላት ከም መራሕቲ ናይዚ ተክኖሎጂ ክግብኣትኦ ዝደልያ መኽሰብ ኣለወን። እተን ብዙሕ ዘይሰጎማ ሃገራት ወይ ትካላት ድማ ብኣንጻሩ ኣብቲ ወይ’ውን ካብቲ ዘይመለኽአ ተክኖሎጂ ስግኣት ኣለወን። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ከኣ እዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ፍልልይ ክኸሰት ባህርያዊ’ዩ ክበሃል ይከኣል። ምስ ደረጃ ምዕባለ ሰሰብ ዝጓዓድ ዘሎ ስክፍታታት ድማ መስርሕ ምዕባለን ምሕደራን ሰሰብ ዝቖየደሉ ሃገራውን ዓለምለኻውን ሕግታትን ስምምዓትን ክህሉ እዋኑ ዝኣኸለ ጉዳይ የምስሎ። እንተኾነ ነዚ ኣተሓሳብን መርገጽን ዝብድሁ ወሰንቲ ዝበሃሉ ሰባት ኣይተሳእኑን። ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ሓደ ካብኦም’ዩ።

ነዚ ጉዳይ ኣመልኪቱ ክዛረብ እንከሎ ድማ “ኣብ ናይ ዋኒን ታሪኽ፡ መራሕቲ ናይ ሓዲ ኢንዱስትሪ ኑቲ ናቶም ኢንዱስትሪ ዝምልኩት ሕጊ፡ እሞ ኸኣ ብጽኑዕ እንተተግቢሩ ጠንቂ ጥፍሽናን ምጽናትን ኣብቲ ኢንዱስትሪ ናይ ዘለዋ ዋኒን ክኸውን ዝኽእል ሕጊ ክጠልቡ ርኢኹም ትፈልጡ” ዝብል ሕቶ ኣቕሪቡ። ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ንሰሰብ ዝምልከት ሓይሊ ዕማም ከምዘቖውም’ኳ እንተገለጸ፡ ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ መበል 81 ሓፈሻዊ ጉባኤ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘሰመየ መደረ ግና እቲ ብዛዕባ ሰሰብ ዝዘረብ ልክዕ ከምቲ ብዛዕባ ክሊማዊ ለውጢ፡ ሱብ ንምሽባር ዝዘረብን ሓሶትን ብምዃኑ ንምቁጽጻሩ ዝግበር ሕጊ ከምዘቓወም ኣፍሊጡ። ንዕብየት ናይዚ ካብ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ንላዕሊ ዝኾነ ተክኖሎጂ ድማ ሕጊ ብምጽዳቕ ከምዘይኮልፍ ኣፍሊጡ። ነዚ ተክኖሎጂ ቀዲሙ ዝመለኸ ከምዝዕወት ብምጥቃስ ከኣ ንምዕባለኡ ዝድርት ወይ ዝቕይድ ሕጊ ምግባር ንታ ድሒራ ዘላ ቻይና ንኣመሪካ ኩተርክባ ዕድል ምሃብ ምዃኑ ይጠቕስ። ደረጃ ምዕባለ ሰሰብ፡ ምስቲ ዓለምና ኣቐዲማ ዝበጽሓቶ ናይ ኤለክትሪክ፡ ኮምፒዩተር፡ ኢንተርነትን ካልእን ምህዞታት ብማዕረ ክርአ ከምዘለዎ ዝምጉቱ ገለ ክኢላታት ምህላዎም ’ውን ክዝንጋዕ የብሉን።

እቲ ዝቐርብ ሓሳብን መንተን ኣብ ቦታኡ እናሃለወ ሰሰብ ንዝተፈላለየ መዳያት ቁጠባን ንሕብረተሰባትን ክጸሉ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ፡ ኣዝዩ ቅልጡፍን ዝተራቐቐን ምዕባለ ናይ ሰሰብ ካብ ዝፈጥሮ ስክፍታ ድማ ዕዮ ኣብ ዝካየደሉ መዳይ እዩ። እዚ ከኣ ሰሰብ ኣብ መስርሕን ኣገባባትን ምፍራይ ከምኡ’ውን ኣብ ምቕራብ ኣገልግሎታት ንዘሎ ናይ ሸቕለት ዕድላት ዝህልዎ ጽልዋ’ዩ። ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ ድማ ንህልዊ ደረጃ ሰሰብ ኣብ ሸቕለት ከምኡ’ውን ጽልዋታቱ ምርኣይ እምበኣር ኣገዳስን ንዕኡ ዝምጥን ምድላዋት ከመይ ምዃኑ ንምፍላጥ ዝሕግዝን እዩ።

ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ (ILO)፡ ሰሰብ ፈጢርዎ ዘሎ ደወልን ሻቕሎትን መሰረት ብምግባር፡ ኣብ ሰሰብ ዝተኮረ




ኣገዳሲ ሰነድ ኣዳልዩ ይርከብ። እዚ፡ ‘ናይ ምርጫ እዋን፡ ሰሰብ ንዘዕግብ ሸቕለት’ ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ወርሒ ሰነ ናይዛ ዓመት ናብ መንግስታት፡ ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ዝተዘርገሐ ሰነድ፡ ወከልቲ ሰለስቲኡ ኣካላት ኣብ ዝተረኽብሉ መድረኽ ሰፊሕ ዘተ ዝተኻየደሉ’ዩ። ጽልዋ ሰሰብ፡ ዕዮ ኣብ ዝሰላሰለሉ ኣገባብ፡ ክብሪ ኣብ ዝፍጠረሉን ውሳነ ኣብ ዝውሰነሉን መስርሓት እናዓዘዘ ይመጽእ ኣሎ። ቡቲ ኻልእ መዳይ ከኣ ሰሰብ ኣፍራይነት ኣብ ምዕዛዝን ሓደስቲ ናይ ስራሕ ዕድላት ኣብ ምፍጣርን ጽልዋኡ ይጎልሕ ኣሎ። ጠቓምነት ሰሰብ፡ ኣብ ምቕራብ ህዝባዊ ኣገልግሎትን ኣብ ምሕደራ ዕዮን’ውን ይገሃድ ኣሎ። ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ከኣ ንሰሰብ ምስ ልዑል መጠን ሸቕለት ኣልቦነትን ሰእኑት ስራሕን ምትእስሳሩ ፍትሓዊ ዘይምዃኑ የረድእ። ንታሪኽ ምርኩስ ብምግባር’ውን ናይ ሰሰብ ጽልዋ ልክዕ ከም ናይ ዝሓለፈ ተክኖሎጅያዊ ምህዞታት ሓደስቲ ዕዳጋታትን ዕድላት ሸቕለት ኣብ ምፍጣርን ቀሊል ከምዘይከውን የረድእ።

ጽልዋ ሰሰብ ብደረጃ ሸቕለት፡ ሞያ፡ ጽላት ከምኡ’ውን ደረጃ ምዕባለ ሃገራት ይፈላለ’ዩ። ሸቕለት ክበሃል እንከሎ ድማ ከም ምንጪ ኣታዊ ጥራይ ዘርኢ ዘይኮነስ ከም ምንጪ ክብረትን ምዕባለን ክረዓም ዘለዎ’ዩ። ተጠቓምነት ሰሰብ ኣብ ሸቕለት ከኣ ነዚ ዘውሕስን ኣዕጋቢ ስራሕ ንምፍጣር ኣብ ዝግበር ጉዕዞ ሓጋዚ መሳርሒ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። ነዚ ኣብ ምትግባር ከም ወሳኒ ስጉምቲ ዝርአ ድማ ንመስርሕ ምዕባለን ተ ጠ ቓ ም ነ ት ን ሰሰብ መኣዝን ዘትሕዝ ሕግታትን ፖሊሲታትን ብኣጋኡ ምስ ዝንደፍን ዝተኣታቶን እዩ። ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ዝዘርገሖ ሰነድ ድማ ኣብዚ ጉዳይ ዝተኮረ’ዩ።

ተ ክ ኖ ሎ ጅ ያ ዊ ለውጢ፡ ንቕርጽን ኣገባብን ስራሕ ከ ም ኡ ’ ው ን ንዕዳጋታት ዕዮ በቢ መድረኹ ከምዝለዋጦ ንታሪኽ ብምውካስ ዝረጋገጽ ክዉንነት’ዩ። ኣብ ዝሓለፉ ኣማኢት ዓመታት፡ ዕዮ ኣብ ዝውደበሉን ክብሪ ኣብ ዝውሰኸሉን መስርሓት ዝተራእየ ለውጢ ድማ ምስቲ ዝተኸስተ ተክኖሎጅያዊ ለውጢ ዝዛመድ ምቅይያራት’ዩ። መሰረታውያን ኣብ ዝኾኑ ናይ ዕዮ ረቛሕቲ ዝፍጠር ለውጢ ከኣ ኣብቲ ከም ኣዝዩ ወሳኒ (ረቛሒ) ዝግለጽ ዓያዩ ዓቕሚሰብ ዓቢ ጽልዋ ዝፈጥር’ዩ። ምዕባለን ምትእትታውን ሰሰብ ድማ ከም ኩሉ ዝሓለፈ ናይ ለውጢ መድረኻት ኑቲ ብሰብ ክዕመም ዝጸንሐ ዓይነት ስራሕ ክትክእ ወይ ኣብ ተክኖሎጂ ዝጸንሖ ደረጃ ተመርኲሱ ክዕቢ፡ ሓደስቲ ናይ ሸቕለት ዕድላት ክፈጥርን ዕዮ ዝሰላሰለሉ ኣገባባት ክልውጥን እዩ። ብቐንዱ ድማ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛን ማሽንን ዝህሉ ዝምድና ኣብ ካልእ እዋን ካብ ዝነበረ ንላዕሊ ከምዝዓብን ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ሸቕለት ዕድላት ድማ ኣብ ተክኖሎጅን ዲጂታላዊ መተግበሪታትን ብዘለዎም ፍልጠትን ክእለትን ከምዝውሰን ዝጉብር ክኸውን’ዩ።

ጽልዋ ሰሰብ ልክዕነት ብዘለዎ ደረጃ ንምቕማሩ ገና ኣይተኻእለን ዘሎ። እዚ ኸኣ ዝርገሐን ተጠቓምነትን ናይዚ ተክኖሎጂ ዝገልጽ ንጹር ሓበሬታ ስለዘየለ’ዩ። እቲ ዝዓበየ ስክፍታ ድማ ደረጃ ቅልጣፈን ደረት ሽፈነን ሰሰብ ኣብ ሸቕለትን ዕማማትን ቅድሚ ሕጂ ምስ ዝተራእየ ምህዞታት ብምዝማድ ካብ ዝተኸስተ ለውጢ ብዝተዓጻጸፈ ዝቐልጠፍን ዳርጋ ዘይትንክፎ ሸቕለትን ዕማምን ዘየለ ምዃኑን እዩ። ኣብዚ ህልዊ መድረኽ ዝርአ ዘሎ ጽልዋ ሰሰብ መብዛሕትኡ ምስ ቁጠባ፡ ሸቕለትን ትካላትን ዝተሓሓዘ’ዩ። እንተኾነ ሰሰብ ኣብ ሓበሬታ ዝምርኮስ ብምዃኑ ጽልዋኡ ኣብ ፖለቲካዊ ምርጫታት፡ ክትፈልዮም ዘጸግሙ ንህዝቢ ዘጋግዩ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ኣብ ምፍጣርን ምዝርጋሕን ይኹን ካልእ ኣዕነውቲ ተግባራትን ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ክኽእል’ዩ። ብፍሉይ ዝርአ ጽልዋ ሰሰብ ከኣ ኣብ ደረጃ ብልሒ ሰራሕተኛታት ብሕልፊ ብድሆታት ኣብ ምፍታሕ፡ ሓደስቲ ዕዮታት ኣብ ምምሃርን ውሳነታት ኣብ ምውሳድን ዝህልዎ ኣሉታ ጽልዋ’ዩ። ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ድማ ኣብ ሰሰብ ዝህሉ ልዑል ደረጃ ተመርኲስኩ ንደረጃ ብልሒ ሰራሕተኛታት ከጉድኦ ከም ዝኽእል ይገልጽ።

ምዕቃን ጽልዋ ተክኖሎጅያዊ ለውጢ ኣብ ዕዮ ብኽልተ መዳይ ክረአ ይከኣል። እቲ ቀዳማይ ብደረጃ ብዝሒ ሸቕለት ዝርአ ክኸውን እንከሎ እቲ ካልኣይ ድማ ብደረጃ ዓይነት ሸቕለት ይርአ። ብዝሒ ሸቕለት ክበሃል እንከሎ ምስ ምትእትታው ሓድሽ ተክኖሎጅያዊ ምህዞ ዝፍጠር ሓድሽ ዕድላት ሸቕለትን ናይ ሸቕለት ምፍንቓልን ይተሓሓዝ። እዚ ኣገባብ፡ ቁጽራዊ መረዳእታ ዘቖምጥ መዓቀኒ ብምዃኑ ህዝባዊ ክትዓትን ልዑል ናይ ሚድያ ሽፈነን ዘለዓዕል ብምዃኑ ብዓይኒ ስግኣት ይጥመት። እቲ ንሸቕለት ብዓይነት ዝርኢ ካልኣይ መዓቀኒ ድማ ንደሞዝ፡ ሰዓታት ስራሕ፡ ድሕነትን ጥዕናን ቦታ ስራሕ፡ ናይ ትምህርትን ስልጠናን ዕድላት ከምኡ’ውን ደረጃ ጽልዋ ሰራሕተኛ ኣብ ዕማማትን መስርሕን ዕዮ ይውክል። ዝበዝሕ ናይዚ ኣብ ዓይነት ዘተኮረ መምዘኒ ብዓለምለኻዊ ደረጃታት ዕዮ፡ ሃገራዊ ሕግታትን ፖሊሲታትን ከምኡ’ውን ኣብ መንጎ ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ብዝግበር ሓባራዊ ስምምዕ ዝጽሎ’ዩ።

ክሳዕ እዚ ቀረባ እዋን፡ ብብዝሒ ሸቕለት ናይ ዘልካዕ ኣብ ስራሕ ናይ ዝተጋህደ ተክኖሎጅያዊ ምህዞ ጽልዋ ብኢድ ምስ ዝሰራሕ ወይ ኣብ ጽላት መሰንዕ ምስ ዘሎ ተደጋጋሚ ሸቕለት’ዩ ክዛመድ ጸኒሑ። ህልዊ ደረጃ ምዕባለ ሰሰብ ግና ልዑል ተገንዘቦኣዊ ዓቕሚ ኣብ ዝጠልብ ዓይነት ዕዮታት’ውን እንተኾነ ጽልዋኡ ይርአ ኣሎ። እንተኾነ ኣብ ዝበዝሐ ዓይነት ሸቕለት ዝርአ ጽልዋ ሰሰብ ንገለ ክፋል ናይቲ ሸቕለት ዝትንክፍ እምበር ኑቲ ዕዮ ብምሉኡ ዝሸፍን ዘይምዃኑ ምስትውዓል ዘድልዮ ሓቂ’ዩ። ዝዓበየ ክፋል ሸቕለት ብሰሰብ ወይ ብማሽን ምስ ዝዕመም ከኣ ኣብቲ ሸቕለት ዝዋሳእ ሰራሕተኛ ሸቕለት-ኣልቦ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ’ዩ። ብመረዳእታ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ድማ ሓደ ርብዒ ካብ ጠቕላላ ሰራሕተኛታት ዓለም፡ ስርሖም ሰፊሕ ደረጃ ኣተሓሳስባን ብቕዓትን ብዘለዎ ወይ ኣፍራዪ ብዝኾነ ሰሰብ ክትካእ ዝተቓልዐ ምዃኑ’ዩ። እዚ ስግኣት፡ ካብ ኣብ ደቂተባዕትዮ ኣብ ደቂኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ዝለዓለ’ዩ። ብኻልእ ኩርናዕ ክርአ እንከሎ ድማ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ካብ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት እቶም ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራት ዘለዉ ስርሖም ብሰሰብ ብዝዓያ ማሽናት ናይ ምትካእ ተኽእሎ ኣለዎ። ክሳዕ እዚ እዋን ዘሎ ሓቅታት ዘብርሆ ድማ ሰሰብ ዕዮ ንዝሳለጠሉ ኣገባብ ኣብ ምልዋጥ ዝተደረተ እምበር ናይ ሸቕለት ዕድላት ኣብ ምትካእ ዘመዝገቦ ተርእዮ ዝጥቀስ ዘይምዃኑ’ዩ።

ይቕጽል



መጻኢ ሸቕለት፡ ብሰብን ብማሽንን ናይ ዝተፈጸመ ንጥፈታት መጠን

# ዝርጋሐ ዝተፈብረኸ ዜና

ኤፍሬም ሃብተጽዮን

ኤድጋር ዌልች ዝተባህለ ኣመሪካዊ፡ ሓንቲ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ እትርከብ እንዳ ፒሳ፡ 'ንደቀንስትዮ ቈልዑ ኣብ ጾታዊ ጊላነት ጸሚዳተን ኣላ' ዝብል ሓበሬታ ኣብ ሓደ መርበብ ኢንተርነት ኣንበበ፡፡ እዚ ሓበሬታ'ዚ፡ ኣካል ናይቲ 'ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ቈልዑ' ዝብል ብሂላሪ ክሊንተን ዝምራሕ ዝነበረ መትሓዚ ንፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ 2016 ዝተጠቐምሉ ነበረ፡፡ ዌልች፡ ካብቲ ኣብ ሰሜን ካሮሊና ዝርከብ ገዛኡ፡ ብመኪና ናብታ እንዳ ፒሳ በጽሐ፡፡ ብረት ዓጢቑ ብምምጻኡ፡ ተኹሲ ከፈተ፡፡ ዝተሃስየ ሰብ ግን ኣይነበረን፡፡

ቅድሚ'ቲ ናይ 2016 ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ ዝተፈብረኸ ዜና ሓዚል ዓንቀጻትን ዛንታ ናይታ እንዳ ፒሳ ምስ ሂላሪ ክሊንተን ብምትሕሓዝን፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ካብን ናብን ብሰፊሑ ተመሓላሊፉ ነበረ፡፡ ድሕሪ ንፖሊስ ኢዱ ምሃቡ ዌልች፡ እቲ ዘንበቦ ሓበሬታ ሓቂ መሲሉዎ ኑቲ ስጉምቲ ከም ዝወሰዶ ሓበረ፡፡ ወናኒ ናይቲ ኣብ ዕላማ ዝኣተወ ትካል፡ ፍሉጣት ደገፍቲ ሰልፊ ደሞክራሲ ቀረብቲ ስለ ዝነበሩ'ዎን ምስ ሓላፊ ጎስጓስ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ክሊንተን ስለ ዝተዘራረበን ምኽንያቱ ገለጸ፡፡

ሽሕ'ኳ ዝርጋሐ ዝተፈብረኸ ዜና ብዝተፈላለያ ማዕከናት ዜናን ኣካላት ሕግን ሓሶት ምኽንያቱ እንተ ተገልጸ፡ ንመረዳእታ ገለ ሰባት ኣብ ምቕያር ግን እዚታት እኹል ኣይነበረን፡፡ ብፍላይ እቶም ኑቲ ክልሰሓሳብ ውዲት ዝኣምኑ፡ ኑቲ ዝተፈብረኸ ዜና መሊሶም ከም ዘጋውሑዎ'ዩ ገይሩዎም፡፡

እዛ ፍጻመ'ዚኣ - ደሓር ኣፍደገ-ፒሳ ተባሂላ ዝተጸውዐት - ኑቲ ኣገዳሲ ዝተሓሳሰበ ሳዕቤን ዝተፈብረኸ ዜና እተገልጽ'ያ፡፡ እቲ ዌልች ካብ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ተበጊሱ ዝወሰዶ ግብራዊ ስጉምቲ፡ ኣሰቃቒ ሳዕቤን ከኸትል ይኽእል ነይሩ'ዩ፡፡ ንሓበሬታ ከም መሳርያ ምጥቃም ክሳዕ ክንደይ ኣብ ሕብረተሰብ ኣሉታዊ ጽልዋ ክስዕብ ከም ዝኽእል ድማ ክንግምት ንኽእል፡፡

ዜጋታት ኣብ ዝወስዱዎም ስጉምትታት፡ በቲ ካብ ዝተፈላለየ መርበባት ዝረኽቡዎ ሓበሬታ ይጽለዉ እዮም፡፡ ኣብ መሰረሕ ድማ፡ እቲ እቶም ሕብረተሰብ ዝተቓልዑዎ ሓበሬታ፡ ንመረዳእታኦምን ተግባራቶምን ቅርጺ የትሕዞ፡፡ ምስ ብዝሒ ናይቶም ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንእልቢ ዘይብሉ ዕልቕልቕ ዝተፈብረኸ ሓበሬታ ዝተቓልዑ ሰባት፡ ኣብ ዘይተረጋገጸ ዜና ተመርኲሶም ግጉይ ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ሓደጋ ልዑል ይኸውን፡፡

ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ወድዓዊ ወይ ግብራዊ ሞያ ጋዜጠኛነት ምስ ዝተፈብረኸ ዜና እዩ ዝውዳደር ዘሎ፡፡ ምስራሑን ዝርጋሐን ዝተፈብረኸ ሓበሬታ ንገዛእ-ርእሱ ንግዲ ኮይኑ'ሎ፡፡ እዚ ድማ ኣብቲ ኣብ 2016 ኣብ መንጎ ሂላሪ ክሊንተንን ዶናልድ ትራምፕን ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ዝያዳ ጎሊሑ ተራእዩ፡፡ ዕማመን ዝበለ ዝተፈብረኸ ዜና ምዝርጋሕ ዝኾና ኢንዱስትሪታት እውን ቀይመን'የን፡፡

ፈጠርቲ ናይ ሓሶት ሓበሬታ፡ በቲ ዝፍብሩኹዎ ዜናን ምውዕዋዕን ኣታዊታት ክኸዕቡ ተራእዮም፡፡ እዚ ድማ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ብዝዘርጋሕ ዓንቀጻት/ጽሑፋት መመሊሱ ተጎሃረ፡፡ ገለ ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ኑቲ ሓበሬታ ሓቂ መሲሉዎም መሊሶም ይዝርግሑዎ ወይ ናብ ካልኦት የባጽሑዎ፡፡ ገለ ድማ እቲ ሓበሬታ ሓሶት ምኽንያቱ እናፈለጡ፡ ከምኡ ክኸውንን ክበሃልን ስለ ዝደልዩ፡ ተተቐቢሎም ናብዘን ናብትን የብሉዎ፡፡

ኣብ ዓንኬል ዝተፈብረኸ ዜና ብንጥፈት ትዋሳእ'ያ ኢላ ኣመሪካ እትኸሶ ቀንዲ ሃገር ሩሲያ እያ፡፡ ፈይስቡክ ከም ዝተናሰሖ፡ 150 ሚልዮን ኣመሪካውያን ኣብ ፈይስቡክን ኢንስታግራምን ብሩሲያውያን ነጠፍቲ ማሕበራዊ ሚድያ ዝዘርግሖ ፕሮፓጋንዳ ተኸታቲሎም፡፡ እዚ ድማ ክልተ ዓመት ድሕሪ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ 2016 ዝተኻየደ ነበረ፡፡ ዝበዝሕ ካብቲ ትሕዝቶ ድማ ንተወዳዳሪ ፕረዚደንት ዝነበረ ትራምፕ ዝደገፈ ነበረ፡፡ ጽልዋን ዝርግሐን ሩሲያ ኣብ ትዊተር (ሕጂ ኤክስ) ዝገልጽ ዝርዝራት'ውን ብዝበዝሐ ተዘርግሐ፡፡ ኣብ እዋን ምርጫ፡ ጸግዒ-ትራምፕ፡ ጸረ-ሂላሪ ክሊንተን ውዱብ ናይ ሮቦት ሕሳባት ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ኣብ ምዝርጋሕ ተዋፈረ፡፡ ካብ ሽዑ ጀሚሩ ትዊተር፡ ሚልዮናት ሕሳባት ኣጽረየ - ዝበዝሕ ካብኡ ናይ ሰባት ዘይኮነ፡ ኣውቶማቲካዊ ሕሳባት ነበረ፡፡

ኩባንያታት ማሕበራዊ መራኸቢታትን ጎግልን ዝተፈብረኸ ዜና ንምስርሳር መደባት ሓንጸጹ፡፡ ገለ ከም ዝብሉዎ ግን እቲ ዝተወሰደ ተበግሶ እኹል ኣይኮነን፣ ምስ ሳዕረረ ድማ ነበረ፡፡ ኣብ ምቍጽጻር ኣጋጓዪ ዝርጋሐ ሓበሬታ፡ ናይ ቴክኖሎጂ ኩባንያታት ከመይ ዝመሰለ ተራን ሓፍትትን እዩ ዘለወን፣

ሓሶትነት ካብ ነዊሕ ዝጸንሐ ልምዲ እኳ እንተኾነ፡ ብፍላይ ኣብ ዓንኬል ፖለቲካ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ኢና ግን ግጉይን ዝተፈብረኸን ሓበሬታ ብውዱብን ጾዕቅን ክምስራሕን ክዝርጋሕን ንዕዘብ ዘለና፡፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝኣየዱ ክትዓት ድማ ናብ ዝለዓለ ጥርዚ በጺሖም'ዮም፡፡ ድሕሪ ትራምፕ ኣብ 2016 ፕረዚደንት ኮይኑ ምምራጹ፡ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ምብታን ሓድሽ ኣንፈት ሓዘ፡ ብፍላይ ምምሕዳሩ፡ “ዝተፈብረኸ ዜና” (fake news) ከምኡ'ውን “እቲ ካልእ ኣማራጺ ጭብጢታት” (alternative facts) ዝብሉ ኣምራት ብዝበዝሐ ክጥቀም ምስ ጀመረ፡ እቲ ኣምር ዝያዳ ተጋውሐ፡፡

ዝተፈብረኸ ዜና ኣካል ናይቲ ሰፊሕ ዝተን ክትዕን ኣብ ዝርጋሐ ቅኑዕን ተኣማንን ሓበሬታ ድማ ኮነ፡፡ ኣብዚ እዋን'ዚ እምበኣር፡ ሕብረተሰባት ኣብ መንጎ ዝተሰዐ ሓበሬታን ብጭብጥታት ዝተሰነየ ክዉን ሓበሬታ ናይ ፍጻመን ተቐርቂሮም ይርከቡ፡፡

## ዝተፈብረኸ ዜና እንታይ እዩ፧

ዝተፈብረኸ ዜና፡ ንኽታልል ተባሂሉ ኮነ ኢልካ ዝሰናዕ/ዝምስራሕ ሓበሬታ እዩ፡፡ ሃቐኑ ናይቲ ፈብራኺ ድማ መረዳእታ ተኸታተልቲ ናብቲ ዝደልዮ ዕላማ ብጌጋ ምምራሕ'ዩ፡፡ እዘን ዝስዕባ መግለጺታት ዝተፈብረኸ ዜና ንመልከት፦

ክዉን ዜና መሲሉ ብኢንተርነት ወይ ብኻልእ መዘርግሒ ኣገባብ ዝቐርብ፡ ዝበዝሕ እዋን ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ንምጽላው ወይ ከም ዋዛ ዝፍኖ፡፡ (መዝገበ-ቃላት ኬምብሪጅ)

ሓቀኛ ዜና ተመሲሉ፡ ግን ከኣ ሰባት ንምትላል ኮነ ኢልካ ዝዳሎ ዛንታ፡፡ (መዝገበ-ቃላት ማክሚላን)

ተኣማኒ ሞያዊ ክዉንነት ንምምሳል፡ ብልዑል ክእለት ቅዲ ዓውዲ ጋዜጠኛነት ዝተዳለወ ብቐሊሉ ናብ ዝበዝሐ ተጠቃሚ ዝዝርጋሕ፡ ኑቲ ድርሰት ክኣምን ንዝደልን ካብን ናብን ዝበጻጽሑን ሰብ ድማ ዕላማ ገይሩ ዝምስራሕ ትሕዝቶ፡፡ (ፖሊቲፋክት)

ዝተፈብረኸ ዜና፡ ካብቶም ጋዜጠኛታት ኣብ ስርሖም ከይተረድኦም (ኮነ ኢሎም ዘይኮነ) ክፍጽሙዎም ዝኽእሉ ጌጋታት ዝተፈልየ እዩ፡፡ ከምዚታት ዝኣመሰሉ ጌጋታት እውን ኣሸገርትን ግድን ክእረሙ ዘለዎምን'ኳ እንተኾኑ፡ ጌጋ ደኣ'ምበር ኮነ ኢልካ ዝተፈብረኸ ዜና ግን ኣይኮነን፡፡

“ዝተፈብረኸ ዜና” ዝብል ኣበሃህላ ምስ ምምጻእ ፕረዚደንት ትራምፕ ዝያዳ ተወዳዊ'ውን ኣካል መዓልታዊ ኣበሃህላ ኮይኑ፡፡ ትራምፕ፡ ነታ ቃል ኣብ ኩሉ ኣንጻሩ ዝበሃል ዝነበረ ኣሉታ - ሓቂ'ውን ይኹን ብዘየገድስ - ብዝበዝሐ ስለ ዝተጠቐመላ ኣህቢቡዋ'ዩ፡፡ እዚ ግን ካብቲ ወድዓዊ መግለጺ 'ዝተፈብረኸ ዜና' ወጻኢ'ዩ፡፡ ጋዜጠኛታት፡ ኣብ ስልጣን ንዘለዉ ሰባት ክከታተሉ ይግብኦም'ዩ፡፡ ከምዚ ዓይነት ሽፋን ድማ ኣንጻር ዝተፈብረኸ ዜና ደኣ'ምበር ዝተፈብረኸ ዜና ኣይኮነን፡፡ ኑቶም ኣብ ውሽጢ ናይ ትራምፕ ክሊ ዘለዉ ግና፡ 'ዝተፈብረኸ ዜና' ኩሉ'ቲ ኣንጻሩን ኣንጻር ምምሕዳሩን ዝበሃል'ሞ ንሱ ዘይፈትዎ ማለት እናስመዐ መጺኡ፡፡

ትራምፕን ደገፍቱን ኑቲ ኣበሃህላ (ዝተፈብረኸ ዜና) ኣንጻር ሞያ ጋዜጠኛነት ኩናት ኣብ ምውላዕ ተጠቒሞሉ፡፡ እቲ ተደጋጋሚ “ዝተፈብረኸ ዜና” ከምኡ'ውን “ጸላኢት ህዝቢ” ዝብል መግለጺታቶም፡ ኣብ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ደገፍ ረኺቡ'ዩ፡፡ ንነዊሕ ክኸይድ ዝጸንሐ ናይ ሓፋሽ ምንኡዳል እምነት ኣብ ልዕሊ መራኸቢ ብዙሓን ስለ ዝደገፈ ከኣ'ዩ ጽልዋን ተቐባልነትን ክረክብ ዝኸኣለ፡፡ ከምዚ ዝኣመሰለ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ጋዜጠኛታት ኣብ ዝተፈላለዩ ግንባራት ኣሸጊሪ'ዩ፡፡ በቲ ቀንዲ መዳዩ፡ ንኢንዱስትሪ ጋዜጠኛነት የገኣእሶ፡ እቲ ቅኑዕ ዝበሃል ሓበሬታ፡ እቲ ምስ ናይ ገዛእ-ርእሰኻ ሰነ-ሓሳብ ዝሰማማዕን ዜናዊ ተቐባልነት ዝህልዎን ናብ ዝብል ድርቅና እውን ይመርሕ፡፡ ምጥቃም ናይቲ ኣምር እምበኣር ንገለ ፖለቲከኛታት ሓይሊ ሂቡዎም'ዩ፡፡

ዝተፈብረኸ ዜና፡ ወትሩ እቲ “ወገንካ” ዝበሎ ኮይኑ ብምጽንሑ፡ ከም ኣማራጺ ጌጋ ሓበሬታ ምሃብን ናይ ሓሶት ሓበሬታ ምብታንን (mis-information and disinformation) ዝብሉ ኣምራት ክንጥቀም ይከኣል'ዩ ዝብል ኣማራጺ ይቐርብ'ዩ፡፡ ጌጋ ሓበሬታ ምሃብን ናይ ሓሶት ሓበሬታ ምብታንን፡ መረዳእታ ህዝቢ ዘዕንቡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ብኸላ ዝርጋሐ ሓበሬታ እዮም፡፡ ግጉይ ሓበሬታ ምብታን (ግሓም)፡ ናይ ምትላል ሃቐኑ ብዘየገድስ፡ ዝዘርጋሕ ናይ ሓሶት ሓበሬታ'ዩ፡፡ ሓሶት ሓበሬታ ምብታን (ሓሓም)፡ በቲ ካልእ ወገኑ ኮነ ኢልካ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ምዝርጋሕ'ዩ፡፡ እቲ ቀንዲ ኣብ መንጎ'ዘን ክልተ ኣምራት ዘሎ ፍልልዩ፡ ግሓም ብወዝቢ ዝመሓላለፍ ክኸውን እንከሎ፡ ሓሓም ግን ኮነ ኢልካ ዝግበር'ዩ፡፡

ኣብ ዝተፈብረኸ ዜና ዘሎ ትሕዝቶ፦

- ወይ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ሓሶት'ዩ፣
- ሓቂ ንምዝንባዕ ኮነ ኢልካ ጭብጢ ይጉሰ፣
- ንሓበሬታ ብጌጋ ይትርጉሞ ወይ ኣብ ዘይመዓልኡ ይጥቀመሉ፣
- ከምኡ ድማ ካብቲ ትሕዝቶ ሓበሬታ ይኣሊ፡፡

ዛንታታት ዝተፈብረኸ ዜና፡ ክዉንነታዊ ኣገባብ ኣጻሓሕፋ ዓንቀጽ ዝኸተሉ፡ ኣብ ቅድን ቅርጽን እውን ሞያዊ ኮይኑ ስለ ዝቐርቡ ኑቲ ወግዓዊ ዛንታ'ዩ ዝመስሉ፡፡ እቲ ናይ ሓሶት ዛንታ፡ ልክዕ ንሕጋዊ ትሕዝቶ ዓውዲ ጋዜጠኛነት ይመስል - እንተ ወሓደ ኣብቲ ቀዳማይ ተመኩሮ፡፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ ሰባት ሓቂ ካብ ድርሰት ኣብ ምፍላይ ኣጸጋሚ ዝኾኖም፡፡

ኣብ ልዕሊ ኣስታት 900 ዝተፈብረኸ ዜና ዝተኻየደ ትንተና፡ ዝበዝሐ ካብኡ ፍሉጥ ክብርታት ዜና፡ ማለት፡ እዋናውነት፡ ቀርበት ፍጻመ፡ ዝናን ተፈላጥነትን የጠቓልል፣ ብዛዕባ መንግስትን ፖለቲካን'ዩ፣ ብመልክዕ/ቅዲ ዝተገልበጠ ሃረም (ፒራሚድ) ዝተጻሕፈ'ዩ፡፡ (ኣብ ዓውዲ ጋዜጠኛነት፡ ዝተገልበጠ ቅዲ ሃረም፡ እቲ ቀንዲ ፍጻመ ኣብ ቅድሚት መጺኡ፡ ዋሕዚ ናይቲ ዛንታ ከም ዕብየትን ኣገዳስነትን ናይቲ ፍጻመ እናንሃደለ ዝኸይድሉ ፍሉጥ ቅዲ ኣጻሓሕፋ ዜና'ዩ፡፡) እንተኾነ፡ ካብ ጋዜጠኛነታዊ ትሕዝቶ ዝፈልዮ ሓደ መለለዩ ኣሎዎ፡፡ ዝበዝሐ ካብ ዝተፈብረኸ ዜና፡ ናይ ጸሓፍቲ ውልቃዊ ርእይቶ ሓዚሉ'ዩ - ብመሰረት እቲ መጽናዕቲ፡፡ ትሕዝቶ ዝተፈብረኸ ዜና ኣገዳሲ ሻራውን ዝተወሰነ መረዳእታ ዘቕርብን ምኽንያቱ ድማ ዘርጋም ኣይኮነን - እቲ ዕላማ ንሱ ስለ ዝኾነ፡፡

ብድሕሪ'ቶም ዝተፈብረኸ ዜና ዝምስርሑን ዝዝርግሑን ዘሎ ድርኺት እንታይ እዩ፧ ዝተፈብረኸ ዜና ናብ ዝሰፍሐ ተኸታታሊ ንኽበጽሕ ዝዓሎ ኮይኑ፡ እዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ኣሎዉዎ፦

- ገንዘብ ምኽዕባት - ቀጥታዊ ምውዕዋዕ ብምኽያድ፣
- ንሓደ ሰብ፡ ትካል፡ ምንቅስቓስ ወይ ዕላማ ኣፍልጦ ምሃብ ወይ ምኽላእ፣
- ፖለቲካዊ መኽሰብ ንምኽዕባት (ብፍላይ ኣብ እዋን ምርጫ)፡፡

ምንጪ፡ MOBILE AND SOCIAL MEDIA JOURNALISM

ይቕጽል . . .







## ሎሚ ኣብ ER-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ቀላሒታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 14:50 | ሄረር |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ፊልም ገጽታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እትመት |

ሸባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ዝምድና ብህሎናን ግብራውነትናን

ፋርስ ዮሴፍ

ህዝቢ ኤርትራ፡ ድሕሪ ነዊሕ ቃልሲ ድልያ ናጽነት፡ ሓርነት ጥራይ ኣይኮነ ተጓናጺፉ። ሃገራዊ ክብርታትን ፖለቲካዊ ባህልን ኣብ ሓደ ቁራፅ፡ ኣብ ሓደ ሰረት ክፈጥሮም ምኽኣሉ፡ ንወለዶታት ዝኸይድ ንናጽነት ኤርትራ ድማ ውሕስነት ዝፈጥር ካልእ ዝዓበየ ዓወት እዩ ነይሩ።

ህዝቢ፡ ብዘይ ክብርታትን ሃገራዊ ፖለቲካዊ ባህልን ረጊኡ ክነብር ኣሸጋሪ'ዩ፣ ስለዚ ድማ መልክዕ መናባብራኡ ኣብ ድልዳል ባህሉን ክብርታቱን ይምርኮስ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መስርሕ ኩሉንትናዊ ቃልሲ፡ መኸተን ልምዓታዊ ገስጋስን ዘዕኮኾም፡ ዝልለየሎም ብዙሓት ክብርታት እኳ እንተሃለዉ፡ ኣብዚ ጽሑፍ ከልዕሎሎም መሪጸ ዘለኹ ግን ግብራውነትን ትሕትናን'ዮም። ኣብ ኩሉ መድረኻት፡ ኣውራ ድማ ኣብቲ ዝጸንከረ ናይ ቃልሲ ኩነታት፡ እዞም ህዝቢ ኤርትራ ዝተላበሶም ክብርታት ክንዲ ማይን መግብን ኮይኖም መድረኽ ዘሳገሩ እዮም። ከምኡ ስለ ዝኾኑ ድማ፡ ብንያትን ሓበንን ንዛረበሎም፡ ናብ መንእሰይ ወለዶ ከነሰርጾም፡ ንምድር፡ ንጽሑፍ፡ ነስተምህር፡ ንዘተዋዕለን ዘተሓልፈን ነዘንቶ። ሃገራዊ መሰመርና ድማ ብመንጽሩ እናሓየለ ይኸይድ።

ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡



ዝዓበየን ዝበለጸን ዕድል ናይ ውዳበ ዝኾነ ህ.ግ.፡ ኣብ ንያት መንፈስ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተደሪኹ፡ ሓያል ውዳበን መድረኽ ግብራዊ ቃልስን'ዩ ፈጢሩ። ኣብዚ መድረኽ ድማ'ዩ ኤርትራዊ ክብርታት ዳግማይ ኣብ ሓደ ሰረት ክድልድልን፡ ዝበለጸ ፖለቲካዊ ባህሊ ክህነጽን ዝኸኣለ።

ብግብራውነት ዝተደረኸ ቃልሲ፡ ዕላማኡ ድሕሪ ምንጻሩ፡ ኣብ ክልሰ-ሓሳብ ከይድረት ብኣብነት ዝመርሕ መሪሕነት ፈጢሩ። ኣብዚ ጉዕዞ ናጽነት ድማ ናይ ግብራውነት መምህር ኮይኑ ወጺኡ።

ንመሪሕነት ህ.ግ. - ክሳብ ሎም እዋን፡ ብኣብነት ምምራሕ ኣብ ጽሑፍ ዝድረት ማለት ናይ ክልሰ-ሓሳብ ህውተታ ዘይኮነ፡ ብተግባር ዝቐለሰ፡ ፍልስፍና ግባራውነት እዩ። ብግብርን ኣብነትን ምምራሕ ሕመረት ንቕሓት ሕብረተ-ሰብ ብምግባር ድማ ይጉዓዝ። ተወፋይነት ከተረድእ ዉፉይ ምኳን፡ ምቅዳም ሃገራዊ ረብሓ ከተሐይል ብተግባር ሃገራዊ ረብሓ ምቕዳም፡ መስዋእትነት ከተሐይል፡ ንመስዋእቲ ብግብሪ ድሉው ምኳን፡ ወዘተ ....ንህዝባዊ ግንባር ዝዓበየ ሓዲድ ሃገራዊ ንቕሓት እዩ። እዚ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ምስ እንቕይሮ፡ ሓያል ግብራውነት'ዩ ዝፈጥር።

ህ.ግ. ሓደ ፍሉይ ካብ ዝገብሮ ስቕታኡ'ዩ። ስቕታ ኣብ ህ.ግ. ሕንከት ዘይኮነ ስትራተጂ'ዩ። ሓበሬታ ቀንዲ ኣጽዋር ጽልዋታት ኮይኑሉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ስቕታ ብኸመይ'ዩ ዘዋጽእ? ግብራውነትን ትሕትናን እዩ'ቲ መልሲ። ቀንዲ ምስጢር ንቕሓት ህዝቢ ኤርትራ ናብራኡ እዩ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ናብራ ኳንካ ምግልጋል ድማ፡ ዝዓበየ መሳልል ዝምድና ህዝብን መንግስትን ስለ ዝኾነ፡ ንቑሕ ህዝቢ ክህልወካ የኽእል።

ኤርትራ ሃገረ ተግባርን ትሕትናን እያ። ንብሎ፡ ትሕትና ኣሰኒና ነተግብሮ፤ ዘተግበርናዮ ድማ ካልእ ግብራውነት ክፈጥር ብንያት ንዛረበሉ። ኣብ መንጎ ብህሎናን ግብራውነትናን ዓንኬል ዝምድና ብምፍጣር ህላወና ወትሩ ነውሕስ።

እዚ ባህሊ ግብራውነት ኣብ መሪሕነት ጥራይ ዝተደረተ ኣይኮነን። ናጽነት ኣብ ምምጻእ፡ ልኡላውነት ኣብ ምውሓስን ኣብ ገስጋስ ሃገራዊ ልምዓትን ዝነበረን ዘሎን ሱታፌ ዜጋታት፡ ግብራውነት ዝማእከለ እዩ። እዚ ዝጸንከረ መደረኻት ዘሰገረ ባህሊ፡ ሎሚ'ውን ዘለና ብድሆ ኣብ ምስጋር ዓቢ ደፋኢ ሓይሊ ክኸውን፡ ከም ዘለዎ ክሓልፍን ክውረስን ዘለዎ'ዩ።

ሎሚ ዘሎ ወለዶ ኪኖ ብህሎ፡ ኣብ ተግባር ዝኣምን ክኸውን ይግባእ። ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት መራኸቢ ብዙሃን፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ሃገራውን ማሕበራውን ኣጋጣሚታት ጽልዋ ክንፈጥር ወይ መርገጺና ከነንጸባርቕ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ባህልና ብዓውታ ንዛረብ ኢና፣ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ሰጒሚና። ግብራውነት ዘማእከለ ኣተሓሳስባ ምስ ዝህልወና፡ እቲ ሱግሚ ቁልጡፍን ሓያልን ይኸውን፡ ተራ ብህሎን ዘረባን ግን ንድሕሪት ምምላስ እዩ።

ስለዚ ከም ወለዶ፡ መድረኽ ዝጠልቦ ሓያል ግብራውነት ክንፈጥር ስለ እንሕተት፡ ንንየተሎም ሃገራዊ ክብርታት ንላበሶም ዶ? ቀጻሊ ንነብስና ክንሓታ ዘለና ጉዳይ እዩ።

ግብራዊ ስራሕናኽ ብትሕትና ነሰንዮ ዶ? እዚ'ውን ዕቱብ ነብሰ-ገምገም ዘድልዮ ነገር እዩ።

ትሕትና ኣብ ፖለቲካዊ ውዳቤታትና ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣብ መላእ ህዝብና እንረኽቦ ሓደ ካብ ዝዓበየ ክብርታት ሕብረተ-ሰብና'ዩ። ግብራውነት ብዘይ ትሕትና ዳርጋ ዓሳ ብዘይ ማይ፡ ትሕትና ብዘይግብራውነት - "ትሕትና ኣርዮስ" ድማ ቀዳማይ ናይ ሓሶት መጋበርያ'ዩ። ስለዚ ብግብሪ ትሑት ምኳን፡ ንግብራውነትና ድማ ብትሕትና ምስናይ፡ ድርዕን ሓይልን'ዩ።

ትሕትና፡ ምስሉይ ምንጽብራቕ ማለት ኣብ ቅኑዕ መርዳእታ ዘይተሞርከሰ ኣዘራርባ፡ ሰላምታ፡ ርእሰኻ ኣዲንንካ ምኻድ ዘይኮነ ኣብ ኣእምሮና ዝሰርጽ ኣተሓሳስባ እዩ። ኣብ ዓንኬል ኣተሓሳስቡና ሰሪጹ፡ ኣካልና ከይኮነ ከነተግብሮ ምስ እንፍትን ግን ተዋስኦ እዩ ዝኸውን።

ትሑት ኣብ ትኾነሉ እዋን፡ ንፍልጠትካን ኣበርክቶኻን ኣብ ግቡእ ደረጃኡ ትሰርዖ፡ ነብስኻ ድማ ምስ ካልኦት ብዓይኒ ውድድር ስለ ዘይተነጻጽራ ርግኣት ክትውንን፡ ፍልጠት ክትድልብ፡ ሰባት ኣባኻ እምነት ክገብሩ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

ዘለናዮ መድረኽ ብፍሉይ ዝጠልቦ ነገር እንተ ሃለዩ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ብፍላይ ከኣ ኣብ መንሰያት ክሰርጽ ዘለዎ ባህሊ ግብራውነትን ትሕትናን እዩ። ብግብሪ ሃገር ዘገልግል፡ ብትሕትና ዝንዓዝ ዜጋ ውጽኢታውነቱ ቀጻሊ፡ ኣፍራይነቱ ድማ ዓቢ'ዩ።

ልቦና

# እወታዊ ኣተሓሳስባ

*"ህይወተይ፡ እቲ ሓሳባተይ ዝሃንጾ ህይወት እዩ።"* – Marcus Aurelius

*"ሰብ፡ እቲ ምሉእ መዓልቲ ክሓስቦ ዝወዓለ እዩ።"* – Emerson

*"ንስኻ፡ ከምቲ 'ከምዚ'የ' ኢልካ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ እትሓስቦ ኢኻ፣ ምኽንያቱ ንስኻ ከም ሓሳብካ ኢኻ።"* – Norman Vincent Peale

*"ኣእምሮ፡ ኣብ ገሃነም ገነት፡ ኣብ ገነት ከኣ ገሃነም ክፈጥር ይኽእል እዩ።"* – Milton

***

"ሕማቕ ሓሳብ ንዮ በሎ፣" "ቱፍ በሎ፡ ጸጽብቒ ሕሰብ፣" "ሓማቕ ሓሳብ፡ ሕማቕ ግብሪ ይወልድ፣" ዝብል ኣበሃህላ ኣቦሓጎታትናን እናሓጎታትናን ካብ ባዶ ዝብገሰ ኣይኩነን። ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ጽቡቕ ሓሳብ፡ ሰናይ ሓሳብ፡ ጽቡቕን ሰናይን ከም ዝወልድ ዝነግር ኣበሃህላታት ውሑድ ኣይኩነን። ኣባና ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዙሓት ሓሰብትን ልሂቃን ስነ-ኣእምሮን ዓለምና'ውን ብዙሕ ግዜ ዘራጉድዎ ሓቂ እዩ። ሰብ ውጽኢት ኣተሓሳስባኡ እዩ። ውሩይ ኣመሪካዊ ፍላስፋን ምሁር ስነ-ኣእምሮን ዊልያም ጄሚስ፡ "እቲ ዝበለጸ ርኽበት ናይዚ ወለዶይ፡ ሰባት ኣተሓሳስባኦም ብምቕያር፡ ህይወቶም ክቕይሩ ከም ዝኽእሉ ምፍላጦም'ዩ፡" ይብል። ሰብ ውጽኢት እቲ ዝሓስቦ እዩ፣ ወይ እቲ እንሓስቦ ኢና እንኸውን።

ኵሉ ሰብ ይሓስብ እዩ። እንታይን ስለምንታይን ይሓስብ ኣሎ ዘስተውዕሎ ሰብ ኣሎ፣ ዘየስተውዕል'ውን ኣሎ። ኣገባብ ኣተሓሳስባና፡ ልክዕ ከም ባህርናን ሞያናን ክንፈልጦ፡ ክንገርሖን ከነማዕብሎን ከም ዘለና ዝፈልጥ ሰብ'ውን ይውሕድ ይኸውን እምበር ኣሎ። ልክዕ ከምቲ ኣካላዊ ጥንቃረ ንምርካብ ኣካላዊ ምልምማድ ዘድሊ፡ ጥዑይ፡ ሰናይን እወታውን ሓሳብ ንምሕሳብ'ውን ምልምማድ የድሊ። ምኽንያቱ ብኣቋርጭ ዝብጻሕ ቍመነገር ስለ ዘየለ።

ኵሉ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና እንገብሮ፡ እንውስኖ፡ ውጽኢት እቲ ዘለናን ዝጸንሓናን ሓሳብ እዩ። ሰናይ ሓሳብ፡ ሰናይ ግብሪ ይወልድ፣ ሓንኳሊ እኩይ ሓሳብ ከኣ እኩይ ግብሪ ይወልድ። ብኻልእ ኣዘራርባ ትስፉው ኣተሓሳስባ እወታዊ ውጽኢት ክህሉ ይጸሉ፣ ተስፋ ቀቢጽ ኣተሓሳስባ ኸኣ ኣሉታዊ ውጽኢት ክህሉ ክጸሉ ይኽእል። ኣብ ጉዳያት ዘለና ኣጠማምታና እምበኣር ንግብራዊ ውጽኢት ዕዮናን ስምዒታትና ይጽሉ እዩ።

ሰብ ከም ሓሳብ ልቡ እዩ። ክሓስብ እንከሎ ኵሉ ሳዕ ምርጫ ኣለዎ። እንተ ደለየ እወታዊ ሓሳብ ክሓስብ ይኽእል፣ ኣይደለይን ከኣ ኣሉታዊ ሓሳብ ክሓስብ ይኽእል። እወታዊ ኣተሓሳስባ ከማዕብሉ ዝደልዩ ሰባት፡ ነቲ ዝበለየ፡ ዘየስጉም ኣተሓሳስባ ካብ ኣእምሮኦም ብምእላይ፡ ብሓድሽ፡ ፈጠራዊ፡ ዝፍቶን ሰናይን ሓሳብ ይትክእዎ። እዚ ኣገባብ ብምድግጋም ከኣ ህይወቶም ክሕድሱ፡ ህይወቶም ክልውጡ ይረኣዩ። ናብ ውድቀትን ጓህን ዝመርሕ ሓሳብ ክንሓስብ ንኽእል ኢና፣ ናብ ዓወትን ሓጐስን ዝመርሕ ሓሳብ ክንሓስብ ንኽእል ኢና። ክልቲኡ ኣብ ክልተ ጕምቦ ኢድና ወትሩ ተቐሚጡ ኣሎ። ኵሉ ሳዕ ሓደኡ ክንመርጽ ምርጫ ኣለና። ኣባና ኸኣ ይምርኰስ። እዛ እንነብረላ ዘለና ዓለም፡ በቲ ኣብ ከባቢና ዘሎ ግዳማዊ ኵነትን ሃለዋትን ኣይኰነትን እትግለጽ ወይ እትውሰን፣ እንታይ ደኣ በቲ ብተደጋጋሚ ኣእምሮና ዝገዝእ ሓሳብ እምበር።

***

*"ሰብ፡ ብዘጋጠሞ ኣይህሰን እዩ፣ እንታይ ደኣ በቲ ኣብቲ ዘጋጠመ ጕዳይ ዘለዎ ኣጠማምታ'ዩ ዝህሰ።"* – Montaigne

*"ዝኾነ ሰብ ዝበጽሖ ደረጃ፡ ቀጥታዊ ውጽኢት ኣተሓሳስባኡ እዩ። እቲ ዝዓቢ፡ ዝስዕር፡ ሸቶኡ ዝሃርም - እቲ ኣተሓሳስባኡ ዘበርኽ እዩ። እቲ ዝደክም፡ ዝሰዓር፡ ዝዓለሞ ዘይገብር ከኣ እቲ ኣተሓሳስባኡ ከበርኽ ዘይመረጸ እዩ።"* – James Lane Allen

*"እቶም ዝበዝሑ ሕጉሳት ሰባት፡ ሕጉስ ኣእምሮ ስለ ዘሰርሑ እዮም።"* – Abraham Lincoln

*"ሰብ ውጽኢት ሓሳቡ እዩ፣ እቲ ዝሓስቦ'ዩ ዝኸውን።"* – Mahatma Gandhi

***

ብርዒ ወጋሕታ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣማኑኤል ዘርኣም መንግስቱ፡ ወደይ ሻም ኣማኑኤል ዘርኣም ስለዝዋረረ፥ ኣነ ምስ ወላዲቱ ወ/ሮ ሮዝበ ኣብርሃ ወልደሚካኤል ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤደን የማነ ዑቕባሚካኤል፡ ተጸዋዒ ኣቶ መሪሕ ግሩም፡ ናይ ት/ዕድመ ሜሪቭል መሪሕ ናይ ሞግዚትነት ዝምልከት ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ በትኤል ኤልያስ ክፍሉ፡ ኣደይ ኣዜብ ገብርኣብ ገብሩ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ይቕረብ።

ተጸዋዒት ነፍ/ኣሚና ኣደም ዓብደላ ተተኪእቲ ወረስቲ፡ ብከሳሲት ወ/ሮ ማሰለሽ ወልደሚካኤል ንጉዳይ ሰም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝኪ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ኣብለዘር ኣማኑኤል ተኪኤ ምግባል ተረፉ፡ ኣቢዓዘር ኣማኒኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሲዶና ዑቕባይ ፍስሃ ምግባል ተረፉ፡ ናዝሬት መድሃኔ ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እየሩሳሌም ሓይራ ኪዳነ ምግባል ተረፉ፡ ፊሽን ሓይራ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መድሃኔ ሓይራ ኪዳነ ምግባል ተረፉ፡ ናሆም ሓይራ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ራሄል ወልደማርያም ሃይለ ምግባል ተረፉ፡ ሳምራዊት ወልደማርያም ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የዕበዮ ብርሃ ተኽለ ምግባል ተረፉ፡ ሳይሞን ብርሃ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዮዲት ገለ ጉብረሂወት ምግባል ተረፉ፡ ህያብ ገለ ጉብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለማርያም ምሉእብርሃን ጉብረመስቀል ምግባል ተረፉ፡ ሚሮን ምሉእብርሃን ጉብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ወኪል ቀሺ ታደሰ ሽምንዲ፡ ተኸሰስቲ ወ/ረ/ነፍ ተስፋምርያም ክፍላይ +9 ኣቶ ሰገን ተስፋማርያም ክፍላይ ወ/ረ/ነ/ፍ ተስፋማርያም ክፍላይ ቁ.2 ኣቶ ጃንሆ ተስፋማርያም ቁ.5 ጳውሎስ ተስፋማርያም ክፍላይ ቁ.9 ሰገን ተስፋማርያም ክፍላይ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብናይ ውዕል ሽርክና ይፍረሰልና ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሰም ት/ዕድመ ነዋል ማሕሙድ ምግባል ተረፉ፡ ፋጥና መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰትና ዓሊሰዒድ ዓሊ ምግባል ተረፉ፡ ሰትና ዓሊ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓሪ ጉብረስላሴ ሓጎስ፡ ኣቦና ጉብረስላሴ ሓጎስ ወልደጊዮርጊስ ስለዝዋረረ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዓወት ሰመረኣብ፡ ሰም ት/ዕድመ ጓልየ ኣሰግይት ዓወት ሰመረኣብ ምግባል ተረፉ፡ ኤሊም ዓወት ሰመረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ጊንዳዕ

ንግስቲ ሃይለ ባህታ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋጋብር ጺጋይ ሃብተማርያም ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ፍረወይኒ ባርናባስ ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ የማነ መድሃኔ ዘወልዱ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስም መሓመድዓሊ ኢብራሂም ኣፍዓሮራ ኣብ ም/ም ን/ዞባ ገዙጥንዳ ዚ.ፕ 1A191 ፕሎት 68 ፓርሰል E ጎደና እንሲ ቁ.ገዛ 37 ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM 019408 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዝዓደግክዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

መሓመድዓሊ ዑስማን

ኣብ ኣስመራ ዞባ 6፡ ምም/10 ጎደና 799 ቁ/ገዛ 3 ቁ/ሎታ 55 ቁጽሪ ፓርቸላ “G” ዝርከብ ብቑ/ምስክር ወረቐት 105528፥ መወከሲ ቁጽሪ 119002 ብስም ወረ/ነፍ/ህያቡ ጉብጣን የውሃንስ ኣቶ ጉብጣን የውሃንስ ወ/ሮ ደሃብ ተማርያም ተስፋሚካኤል ዝተመዝገበ ኦርጂናል ናይዚ ገዛ ሰነድ ስለዝጠፈኣና፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07344521 ደዊሉ ክሕብረና፡፡ እንተዘይሓቲ፡ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ካልእ መተካእታ ቅዳሕ ሓቲተ ከወጽእ ምዃነይ ኣፍልጥ።

ኣቶ ጉብጣን የውሃንስ

ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 14 መስከረም ክጅምር ምዃኑ ከተበስር ትፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ   ንዝያዳ ሓበሬታ   ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፉ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ ስጋ ከብቲ፡ ኣሕምልቲ፡ ገፍሮብርባሪ ምስ ቀመሙ
ዓዳጊ፦ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ-ደቀምሓረ
ኣርእስቲ ውዕሊ፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ ስጋ ከብቲ፡ ኣሕምልቲ፡ ገፍሮብርባሪ ምስ ቀመሙ

ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰውራ-ደቀምሓረ ንዓመት 2027 ካብ 01ጥሪ ክሳብ 31 ታሕሳስ 2027 ንተማሃሮ ዝውዕል ስጋ ከብቲ፡ ኣሕምልቲ፡ ገፍሮብርባሪ ምስ ቀመሙ ክፍገርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ-ደቀምሓረ ንዓመት ትምህርቲ 2027 ዝውዕል ስጋ ከብቲ፡ ኣሕምልቲ፡ ገፍሮብርባሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋ ብሸፉግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፡ መብቆላዊ ሰነዳት የርእዩ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን መንነትን ናይ ዓመት 2026 ክሊራንስን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቁ.20 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ንፋይናንስ ወከፍ መጫረቲ ሰነድ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 መዓልቲ ክፉት ኮይኑ፡ ክሳብ ሰዓት 9:45 ቅ/ቀትሪ ክበጽሕ ኣለዎ። ጨረታ፡ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልቶም ክስተፉ ዝደሊ፡ ስብኡ ስነ-ስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ንፋይናንስ ወከፍ ዝመረጽዎ ዓይነት ጨረታ CPO 50,000.00 ናቕፋ ተጫራታይ ክትሕዝ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳርን ንብረት መንግስትን ሚኒስትሪ ፋይናንስ ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ቴሌፎን 200593/123749

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ወ/ሮ የዲት ገብረዝጊ ዘርኡ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ረዘነ ኪዳነ ገብረሄት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንገ3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣቶ የሴፍ ተስፋይ ዘራጽዮን፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣለም ታደሰ ገብረዝጊ ስለዝተሰወኣት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ለምለም ንጉሰ ገብረየውሃንስ፡ ተኸሳሲ ዑቕባገርግሽ ገብረመድህን ባህሬ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

መሪሕ ተኽሉ ምባል ተሪፉ፡ መሪሕ ተኽለገርግሽ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣኽበረት ሃይለ ገብረየውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ ኣማንኤል ወልዱ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ት/ዕድመ ሰይማ መሓመድሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ ሳምያ መሓመድዓሊ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሰውሰን ዕሶማን ምባል ተሪፉ፡ ሱመያ ዕሶማን ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ረዘነ ተሬራ ሃብቱ፡ ኣቦሓጎና ተረዳ እንዳለው ያለውን ብዙ ሃይለ ደሴታን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይን 2 ሓትኖታተይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

መሓመድሳልሕ መኑር ምባል ተሪፉ፡ መሓመድሳልሕ መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ት/ዕድመ ድያና ተወልደ ኪዳነ ምባል ተሪፉ፡ ድያና ተወልደብርሃን ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ኣምና መሓመድሰዒድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ኣምና መሓመድሰዒድ መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ሰናይት ታደሰ ሞገኣጽዮን ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00029900 ዝፍቶ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 752-10 ቁ.ገዛ 15 ዝርከብ ናይ ደኳን ትካለይ ንወ/ሮ ቀሳት የውሃንስ ገብርኣብ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ማሪት ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሰናይት ታደሰ ሞገኣጽዮን

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ሰምባል ኣብ ፕሎት 101 ፓርሰል G ዝርከብ፡ ስፍሓቱ 375 ት/ሜትር ኣብ ሚ/ሪ መ/ማ/ኣ/ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑ.መለለዪ ንብረት 1:006365 ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ፡ ዋንነት ደብተር (ሊብሬቶ) ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበለ እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑ/ስልኪ 07142214 ክሕብረኒ ወይ ድማ ናብ ክፍሊ ካዳስተርን ቴክኒክን ክሕብር ኣመልክት። እዚ ከየሎ ምስ ዝተርፍ ግን እዚ ሰድ እዚ ከም ጥፉእ ተቖጺሩ መተካእትኡ ክወሃበኒ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ለተንጉስ ገብረልኡል
ወኪል ከሰተ ገብረስላሴ

---

ብስም ዳንኤል ስብሃቱ ምስየና (ወኪል) ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00038718 ዝፍቶ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 1A119 ቁ.ገዛ – ዝርከብ መሸጣ ክዳውንትን ከስሞቲክስን ትካለይ ንኣቶ ዓንደብርሃን ነጋሽ ተኽሉ፡ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 716-16 ቁ.ገዛ 42 ካብ ዕለት 01/10/2025 ክሳብ ዕለት 30/9/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ዳንኤል ስብሃቱ ምስየና (ወኪል)

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከባቢ ምምሕዳር ዓዲ ሰግዶ መጻውዒ ቦታ ፓራዳብ ብሎክ 32 ፓሎ 1 ዓይነት ገዛ ተራ ገዛ 2 ቀንዲ ክፍልታት 1 ተሓጋዚ ASD00047449 ASP00052433 ስፍሓት መሬት 250 ት.ሜ ካብ ኣቶ ተድሮስ ዳዊት ወልደማርያም ዝዓደግኩዎ መስለይ መሬት 0958 ዝፍቶ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ኣካል መአገዲ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኒዩሩ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ናብ ፓብሊክ ኖታሪን የቕርብ። እንተዘይ ኮይኑ ዝሰኣ ኦርጂናል ዶክመንት ገይረ ከታሓላልፎ ምዃነይ እሕብር።

ልቺያ በርሀ

---

## ንካልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን)
ዓዳጊ፥ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ
ኣርእስቲ ውዕል፥– ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፥ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ንዓመተ 2027 ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ ን ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ተመሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ተሓረትቲ ይዕድም።

1. ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣስቤዛ) ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሓረትቲ፥ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2025/2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመተ 2025/2026 ክሊራንስ፥ ቅዳሕ (ኮፒ) መንነትን የቕርቡ።
4. ተሓረትቲ፥ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ብምምጻእ ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 401229/163095 ብምድዋል ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሓረትቲ፥ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ካብ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ዕለት ልክዕ ድሕሪ 7 መዓልቲ ክሳብ ሰዓት 10:30 ቅ.ቀ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ክፉት ድሕሪ ምጽናሕ ይዕጾ፣ ብድሕሪኡ ንዝመጽእ ተቐባልነት የብሉን። ልክዕ ሰዓት 10:35 ቅ.ቀ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ድማ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ ወይ C.P.O ናይ ኣስቤዛ 200,000 ናቕፋ ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ ማስረት ይካየድ።
9. ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብምሉእ ወይ ብከፊል ናይ ምሰራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ
ቁ.ሳ.ፖ 397 ከረን ኤርትራ
ቁ.ቴሌፎን 401229/163095

---



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## “ፍቕርን ሕውነትን ስለ እንደሊ፡ ብዕርቅን ምሕረትን ዛዚምናዮ ኣለና” ስድራቤት መዋቲት

*ሓደጋ ዘኸትሎ ኣካላዊን ስነ-ኣእምሮኣዊን ክሳራ ከቢድ'ዩ፡፡ ሞት እንተደኣ ኣኸቲሉ ድማ፡ እቲ ዝፍጠር ሓዘን ዝኸትምናን ብቐሊሉ መግለጺ ይዛይድ፡፡ እቲ ጉዳይ ብሰላም፡ ዕርቂን ምሕረትን እንተ ዘይደቀሰ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ስድራቤታት መዋቲን ፈጻሚ ሓደጋን ዘይተደልየ ጸገም ይፍጠር፡፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ንሕብረታትና ዘገጽሮ ደንጉቱ ኣብ ዘጋጥም ሞት ዝገብር ኣገዛዝ ምሕረትን ዕርቅን ኣሎ፡፡ ቀጺልና እንምልከቶ ብሰናይ ደሊትን ምርድዳእን ስድራቤት መዋቲ ብምፅራግ ኣገዛዝ ዕርቂን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ኣሰዓብልኩም - ሰናይ ንባብ-*

እቲ ናይ ሞት ሓደጋ ኣብ ኣስመራ - ከባቢ እንዳ ክሻ እዩ ብዕለት 16 ሓምለ 2026 ሰዓት 6፡00 ወጋሕታ ኣጋጢሙ፡፡ መኪና ኣብ ምምራሕ ዝነበረ ኣቶ የማነ ገብረሂወት ፍስሓጸየን፡ ብእግራ ትገዓዝ ንዝነበረት ወ/ሮ ለተብርሃን የማነ ገብረትንሳኤ ብመኪና ሃሪሙ



ኣቶ ፈለጸስ የማነ

ድማ'ዩ ሞት ዘብጽሐ ሓደጋ ኣውሪዱላ፡፡ ወ/ሮ ለተብርሃን የማነ ገብረትንሳኤ፡ በቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝወረደ ሓደጋ ሆስፒታል ኦሮታ'ኳ እንተበጽሐት፡ ክትሰርር ግን ኣይከኣለትን - ሽዑ'ያ ዓሪፋ፡፡ ንጽባሒቱ ዕለት 17 ሓምለ 2026 ከኣ፡ ኣብ ካዜን - ቤተክርስትያን እንዳ ኣቡነ ፈለጸስ፡ ደቃ፡ ኣሕዋታ፡ ምሉኣት ስድራቤትን ፈለጥታን ደቂ-ዓዲን ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ብኸቢ ዝበለ ስነ-ስርዓት ሓመድ ኣዳም ለቢሳ፡፡ ፈጻሚ ሓደጋውን ብስላ



ኣቶ የማነ ገብረሂወት (ፈጻሚ ሓደጋ)



ኣቶ ዘርኣይ ኪዳነ

ምሕረት ስድራቤት መዋቲት፡ ኣብ ሰሙኑ ካብ ቤት ማእሰርቲ ብዋሕስ ከም ዝወጽአ ተገይሩ፡ ኣብ ዓሰራ ወዓለ፡፡

ዝ. ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መሰለ. ንምግባር፡ ክልቲኦም ስድራቤታት ብመንገዲ ካብ ክልቲኦም ዝወጽኡት ናይ ዕርቂ ሽማግለ ዘድሊ. ምርድዳእ ምስ ተገብረ፡ ብ24 መስከረም 2026፡ ኣብ መንበሪ ክልተ ስድራቤታት ወማዮዊ ናይ ዕርቂ ስነ-ስርዓት ተፈጺሙ ኣሎ፡፡ ነቲ ዕርቂ ዝምልከት ጽሑፍውን ተጻሒፉ፡፡

ኣብ'ቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ የማነ ገብረሂወት ፍስሓጸየን ስድራቤቱን ቤተሰቡን ኣምሪሖም'ዩ ኣብ ቅድሚ ስድራቤት ኣ/ሪት ወ/ሮ ለተብርሃን የማነ ገብረትንሳኤ ቀሪቦም፡፡ ነቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብጸሎት ዝኸፈቱዎ ቀሺ. ኣማኒ ተኽለማርያም፡ ተቓጺርም ምርኻብም ንፈጣሪ ድሕሪ ምምስጋን፡ ስድራቤት መዋቲት፡ ነቲ ኣብ ምድሪ ኩሉ ኣብ ሰማይ መሰረት ዘይብሉ ምሕረትን ሕድገትን ምምራጾም፡ መርኣያ እምነቶምን ብሀገር ደረጃ ዝዝውተር ኣብነታዊ ቅዱስ ተግባርምን ምዃኑ ብምግላጽ እውን ኣመስጊኖም፡፡

ቀጺሉ'ውን ነቲ ስነ-ስርዓት ዕርቂ ኣመልኪቶም ቃሎም ዝሃቡ ካብ ስድራቤት መዋቲት ቀሺ. የናስ ቀሺ. ኪዳነ እዮም፡፡ ቀሺ. የናስ፡ “ለተብርሃን ጓልና ክትቅተል፡ የማነ ወድና ደማ ክቕትል ኣይወፈሩን፡ ፍቓድ ኣምላኽ ክስገር ስለዘይክኣል'ዩ ሓደጋ ኣጋጢሙዎም፡፡ ንሸኻትክም ከኣ፡ ካብታ ጓልና ብመኪና ዝተሃርመትላን ሕክምና ዝኸደትላን ኣትሒዝኩም፡ ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ካብ ከይተፈለኹም ብምዕባእ ስለ ዝደገፍኩምና የቐንየልና፡፡ ዘርኣኹምና ሕያውነትን ገጽን ደቢሱና'ዩ፡፡ ካብዚ ዝበለጸ ዝዓቢ ደበሳን ምጉያይን የለን፡ ገዛእ ሓልና፡ ሩፍታን ደበሳን ከምጽኣልና ኣይከኣልን'ዩ፡፡ ካብ ገዛእ ፍቕርን ምሕረትን ይዓቢ፡፡ ስለዚ፡ ምሉእ ምሕረት ገይርናልኩም ኣለና፡ ምሉእ ጸጋታት'ውን ይሃበና” ኢሎም፡፡

ቀጺሉ ናይ ምሕረት ቃል ዝሃቡ፡ ንመዋቲት ወዲ ሓወቦኣ ኣቶ ዘርኣይ ኪዳነ ኮይኖም፡ “ሓደጋ ወዚቢ'ዩ የግዳ ፍቓድ ኣምላኽ ክስገር ስለዘይክእል ክብርቲ ሓውትና ብሓደጋ ተፈልያትና፡፡ ሕጂ ከኣ ጋር ኣፍሲ ሓውትና ክንዝልዕ ኣይኮንና ስለዘይንበርልና፡ ኩልና ስድራቤት ተዛቲብና ፍቕርን ምሕረትን ክንገብር ወሲንና ኣለና፡፡ ምኽንያቱ፡ እምነትና ምሕረትን ፍቕርን ስለዝኾነ፡ ምሕረትን ፍቕርን ከኣ ህዝብናን መንግስትናን ዝድግፎ፡ ብዓብኡ'ውን ኣምላኽ ዝድግፎ ቅዱስ ተግባር'ዩ” ድሕሪ ምባል፡ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ፡ ድሕሪ ዕርቂ እግሮም ከየሕጸሩ ንደቂ መዋቲት፡ ደሃይ ክገብሩሎምን ሕውነቶም ክቕጽልዎምን ተላቢዮም፡፡

ኣስዒበ ኣብሎም ድማ ኣቶ ሰምኦን ሃብተስላሰ፡ ኣቦት ኑቡኣ ቀሺ. በየን ተስፋማርያምን ኣቶ ግርማይ ኪዳነን'የም ተዛሪቦም፡፡ ንሳቶም፡ ንለተብርሃንን ንምግኩ ዘይትስገር መዓልቲ ከም ዘራኽበቶም ጠቒሶም፡ “ሰብ ኩሉ ዘይብድል ስለዘየለ፡ ንዘበደለ ምሕረት ምግባር፡ መርኣያ ልቦናን ፍቕርን'ዩ፡ ምኽንያቱ፡ ጸባሕ'ውን ንዓና እንታይ ከምዝጋጥመና ስለ ዘይንፈልጥ፡፡ ስለዚ፡ ንዓና እቲ ዝዓበየ ፍቕሪ ስለ ዝኾነ፡ ፍቕሪ ከቲርፍ ኢና መሪጽና፡፡ እዚ ከኣ ንኣምላኽና ንሰብን ዘሐጎሰ፡ መግለጺ. ክብሪ ባህልናን ክብርታትናን ኮይኑ ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንኸሰጋገር ክንደፍኣሉ ይግብኣና” ብምባል፡ ሂወት ሰብ ክብርትን ዘይትትካእን ስለ ዝኾነት፡ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ማስተን ካልእ ንሓደጋ ዝቃልዑ ነገራትን ኣወጊዶም ኣብ ኣዘዋውራኦም ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ ተላብዮም፡፡

ሓው መዋቲት ኣቶ ፈለጸስ የማነ፡ “ልክዕ'ዩ ፈቃርን ለዋህን ከምኡ'ውን ሓብሓቢትን ጠርናፊትን ደቃ ዝኾነት ሓውትና ጠፊኣትና'ያ፡፡ ኩልና ስድራቤትን ቤተሰብን ከኣ መሪር ሓዘን ተሰሚዑና ኣሎ፡፡ እንተኾነ፡ ኣብ ዕርቂ ፍቕሪ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ዕርቂ ሩፍታ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ዕርቂ ኩሉ ጸቡቕ ነገር ስለ ዘሎ፡ ሓውትና'ውን ብገዛእ ስለ ዘይትትመን፡ ምሕረትን ዕርቅን ገርና ኣለና” ክብል ገሊጹ፡፡

ንመዋቲት ደቃ መንእሰይ ፍስሃ እዮብን መንእሰይ ሂወት እዮብን፡ ንብዕሎምን ኣሕዋቶምን ወከሉም ኣብ ዝተዛረብዎ ድማ፡ ወላዲቶም ወ/ሮ ለተብርሃን የማነ ገብረትንሳኤ፡ ፍቕርን ሕውነትን ከምኡ'ውን ተኻፊልካ ምንባርን ፍርሓት ኣምላኽን ከም ዝመሃረቶም ጠቒሶም፡ የግዳ ብዘይተሓሰበ መዓልቲ ብሽምዚ ኣገባብ ምፍላያ መሪር ጓሂ ከም ዝተሰምዖም ገሊጾም፡፡ እንተኾነ፡ ፍቓድ ጎይታ ክስገር ስለዘይክእል፡ ኸኡ ብዚጋ ተጻዊሮም፡ ነቲ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ምስ ኩሎም ወረስቲ ደቃን ኣሕዋታን ቤተሰብን ብምፍኻር ብዕርቅን ምሕረትን ክዛዘምዎ ከም ዝወሰኑ ሓቢሮም፡፡

ኣማሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዓደንጉዳን ወከል ዓዲ ካዜን ኮይኑ ኣብ'ቲ ዕርቅን ምሕረትን መዓልቲ ዝተረኸበ ኣቶ ሰዓረ ሓዳራእዝቢ. ብወገኑ፡ ዓደንጉዳን ካዜንን ንፈጻሚ ሓደጋን ቤተሰቡን ምሕረትን ዕርቅን ከም ዝገበሩሎም ብምሕባር፡ “ክብርትን ፈቃርን፡ ለዋህን ሕያወይትን ሓውትና ብሓደጋ ካብ መንገና ምፍላይ ዝፀማና ሓዘን ከበድ'ኳ እንተ ኾነ፡ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረትን ዕርቅን ግን፡ መግለጺ. እምነትን ክብርታትን ህዝቢ. ኤርትራ ስለ ዝኾነ፡ እዚ ቅዱስ ተግባር ናብ ዝቕጽል ወለዶ ክሰጋገር ኣለዎ” ክብል ተላቢዑ፡፡

ብስድራቤት መዋቲት እኹል ናይ ምሕረት ቃል ምስ ቀረበ፡ ብወገን ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ'ዩ ናይ ምስጋና ቃል ተሰሚዑ፡፡ ፈለማ በቲ ስነ-ስርዓት ዕርቂ ዝተሰምዖም ሩፍታን ባህታን ቃሎም ዝሃቡ ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ፡ ቀሺ. ሳሙኤል ቀሺ. ኣብርሃ እዮም፡፡ ቀሺ. ሳሙኤል፡ “ሰብ ብገዛእ ዘዩቱ ብሰላም፡ ብፍቕሪ፡ ብምሕረት እዩ ዝቕመጥ፡፡ ንሸኻትክም ድማ ሓሲብኩምን መኺርኩምን፡ መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጸማቕኩም ካብ ኣምላኽ ርኸብዎ፡፡ ገርኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ድማ ንዘንትእለት መግለጺ. ክብረትኩምን እምነትኩምን ኮይኑ ንወለዶታት ክዘንቶ'ዩ” ኢሎም፡፡

ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ቀሺ. ታደሰ በርሀ ኣስዒቦም፡ “ምሕረት ምግባር ኣሸጋሪ ንፈጻሚ ገበኑ ንሞግኢ ከይተረፈ'ዩ ባህታን ፍስሃን ዘፈጥር፡፡ ኣምላኽና'ውን ‘መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም’ እናበለ ንዘበደለና ምሕረት ክንገብርን ምስኦም ክንዕረቕን ስለዝእዝዘና፡ ፍቓድ ኣምላኽ ብምፍጻምኩም ሕቡናት ኢና፡፡ እዚ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት ከኣ ንእንዳ ይኹን ንእንዳይ፡ ንሞግኢ ይኹን ንረኣዩኡ ክሰዓብ ዘለዎ ጸቡቕ ኣብነት ስለዝኾኑ ቅዱስ ምርጫ'ዩ፡፡ ንስድራቤት መዋቲትን ንስድራቤት ሓደጋ ፈጻሚን ከኣ ጸጋታት ይሃብና” ክብሉ ገሊጾም፡፡

“በቲ ዘይተሓሰበ ፍጻመ ኣዚና ኢና ጉሂና፡ ግን ዘይምለስ ኮይኑና፡፡ ፈጣሪ ኣቦኹም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቐደሙን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና፡፡ ኣፍኩም ክንመልእ ኣብ ዘተመላለስኩሉ፡ ነቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጸቡቕ መልሓስን ጸቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና፡፡ ናይ ብሓቂ ከኣ ኣመስጊንና፡፡ ዝ፡ ሕውነት ክንተኸለሉን ፍቕሪ ክንትክኣሉን እዩ፡፡ ከምቲ ‘ክቡር ማጠን ኑቡሱ የኽብረካ’ ዝተባህለ፡ ‘ካብኹም እንደልዮ ነገር የለን፡ እቲ ንደልዮ ፍቕርን ሰላምን'ዩ’ ኢልኩም፡ ነቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምሉእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ፡ መርኣያ ክብረትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾነ፡ ወትሩ እናተዘከርኩም ክንኑብሩ ክንብረኩም'ዩ” ክብሉ ቃሎም ዝሃቡ ከኣ ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ፡ ተለንት ተፈሪ ኣማኑን ኮ/ል የውሃንስ ኪዳን እዮም፡፡

ቤተሰብ ፈጻሚ ሓደጋ ዝኾኑ ኣቶ መልኣከ እማሃጸየንን ማእከላይ ሽማግለ ናይ'ቲ ዕርቂ ዝነበረ ኣቶ ሰለሙን ጉዕሽን ብዝሃብዎ፡ ብስድራቤት መዋቲት ተወሲዱ ዘሎ ናይ ሕድገትን ምሕረትን ሰጉምቲ፡ ንሃገርን ንህዝብን ጸቡቕን ዘኹርዕን ኣብነት ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ዜጋ ክኽተሎ ዘለዎ ሪዚን ኤርትራዊ ባህሊ. ምዃኑ ብምግላጽ፡ ንዝተገበረሎም




ወ/ሮ ለተብርሃን የማነ (መዋቲት)

ሕድገትን ምሕረትን ኣመስጊኖም፡፡

ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ የማነ ገብረሂወት ፍስሓጸየን፡ ስለቲ ካብ ሂወቱ ዘይርስዖ ዝተገብረሉ ምሕረት፡ “ምስ ለተብርሃን ዘጋጠመና ሓደጋ፡ ካብ ሕልናይ ዘይሃስስ ከቢድ ነገር'ዩ፡ የግዳ ስድራቤታ ደቃን ካብ



መንእሰይ ፍስሃ እዮብ

ጸቡቕን ፍሕሽውን ኣቀባብሎኦም ጀሚርካ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ከምዚ ገይሮም ሕድገትን ምሕረትን ስለ ዝገበሩለይ፡ ንውዕሎኦም መግለጺ. የብለይን፡ ጸጋኦም ካብ ፈጣሪ ይርከብዎ፡ ኣብ ጸቡቕም ድማ የውዕለለ” ክብል ምስጋናኡ ኣሰሚዑ፡፡

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሓላፊ ምክልኻል ገበን 7ይ መደበር ፖሊስ ተኸስተ ስብሃቱ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ተረኺቡ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እዚ. ብስድራቤት ኣ/ር ለተብርሃን የማነ ገብረትንሳኤ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት፡ ንታሪኽናን ባህልናን ዘድንፍዕን ንሃገር



መንእሰይ ሂወት እዮብ

ምሉእ ኣብነታዊ ስጉምቲን ኮይኑ፡ ምሕረትን ፍቕርን ድማ ካብ ኩሉ ነገር ዝዓቢ. ከም ዝኾነ ዘርእን ኩርዓትን ሕልናዊ ቅሳነትን ዝፈጥርን ስለ ዝኾነ፡ ዚ. ክቡር ባህልናን እምነትናን ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን ኣዘኻኺሩ፡፡

እቲ ናይ ዕርቂ ስነ ስርዓት ምስ ተፈጸመ፡ ክልቲኦም ስድራቤታት፡ ከም መግለጺ. ፍቕሮምን ሕውነቶምን ንዘተኣዳለወ እኽሊ ማይ ብሓብር ምስ ተቋደሱ፡ ተመሳጊኖም ተፈላልዮም፡፡



ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ



ስድራቤት መዋቲት

# ካብ መጻሕፍቲ

## ኵብላሊ
## ኣብ ኣስመራን ዓድታት ኤርትራን

ተስፋይ እስቲፋኖስ
(2ይ ክፋል)

ሓቂ ኘኸዘንተ-ዎ መረር እዩ፡፡ ምስ ተዘንተወ ግን መዓር እዩ! ካብ ናይ ውልቕኻ ሓቐኛ ዛንታ ምዝንታው ዝጥዕም ነገር የለን፡፡ ምስ ዘይተዘንተዎ ግን ቀ‘ሰሊ እዩ፡፡

**“ኣቦይ እዩ ገዛ፣ ገዛ ጥንዳ ሓቦኻ፡ ሕንቦኻ ተማልኢሉይ ቅድሚ ምፋደይ ንመገኻ”**

እናበሉ ንዕስክርና ዝሽዑ ኣጕብዘ ይደርፉ ከም ዝነበሩ ናይቲ ሽዑ እዋን መርዑ ዝነበራ ብዓል ኣደይ የዘንተዉ፡፡ እወ! ገዛ ጥንዳ ሓቦኻ ዓስከር ጥልያን ዝነበሩ ምቕሉላትን ወረዛትን ደቀባት ዝቕመጡዎ ሰፈር ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ከበቢ ገዛ ጥንዳ ሓቦኻ፡ ሞደሹቶ፡ ኣቦኻውሎ፡ ሓድሽ ዓድን ገዛ ብርሃኑን ካብ ገጠርን ካልኦት ቦታታትን ዝመጽኡ ብርክት ዝበሉ ደቀባት፡ ከምኡ’ውን ካብ ጐረባብቲ ሃገራት ንናይ ጉልበት ስራሕን ዕስክርናን ኢሎም ዝመጽኡ ሰደተኛታት ይቕመጡ ነበሩ፡፡ ብሕጻር ዝበሉ ገዛ ጥንዳ ሓቦኻ ታሪኹ ምስ ዓሌታዊ መግዛእቲ ጥልያን ዝተተሓሓዘ እዩ፡፡

ስለዚ፡ ገዛ ጥንዳ ጥልያን ንጸዓዱ ዓስከር ጥልያን ተባሂሉ ኣብ ዝሓሸ ከበቢ ኣስመራ ዝተደኮነ ሰፈር ክኸውን እንከሎ፡ ገዛ ጥንዳ ሓቦኻ ከኣ ብኣንጻሩ ንጸለምቲ ተባሂሉ ኣብ ዘይምቹእ ቦታ ዝተደኮነ ሰፈር እዩ፡፡ ካብኡ’ዉ ክሳዕ ሕጂ ኣስማቶም ዘይርስዖም ብዙሓት ሱብ ዝና ዝኾኑ ተቐሚጦ ገዛ ጥንዳ ሓቦኻ– እንዳ ፊተውራሪ ሰገድ፡ ባሻይ ተኽስተ፡ ሹምባሽ ስዒድ፡ ብላታ ሕድሩ፡ ምሉቕባሽ ሓሰን፡ ኣቶ ስምኦን፡ ባሻይ ተስፋይ፡ ከምኡ’ውን ስድራ ኣደይ ወላዲተይ ዝኾኑ እንዳ ብላታ ተስፋሚካኤል እዝክር፡፡ ብዙሓት ካብ ደቆም ከኣ መሓዛተይን ኣዕሩኽተይን ነበሩ፡፡

ብዝርቱዕ ግመ መሬት ጸልግልግ ኣብ ዝበሉ ረፍዲ እዩ፡፡ ኣቦይ ምስ ኣደይን ስድራኣን ብዘዘበሮ ምርድዳእ ናብቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ጎልፍ ምስኡ ክወስዲ ዝመጽኤ፡፡ ካልኣይቲ ኣደይ (ሰይተ’ቦይ) ብፍሽኽታን ብዘሐህ ገጽን ምስ ተቐበለትኒ፡ ቀልጢፈ እየ ዝፈተኹዋ፡፡ ጎልፍ ቪላጆ ከኣ እንደገና መበል ሓሙሻይ ገዛይ ኮነ፡፡ ካልኣይቲ ኣደይ (ኣደይ ኣበ)፡ ህጻን ብምዃነይ እንታወይቲ ምዃና ኣፍልጦ’ኳ እንተ ዘይነበረኒ፡ ሕያወይትን ሓላይትን ኣደ ብምዃና ግን ካብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ኣትሓዘየ ዝፈተኹዋን ምስኣ ክሰማማዕ ዝጀመርኩን፡፡ ኣቦይ ድማ ናፍቖት ኣደይ ከረሳስዓኒ ደልዩ ደዩ ወደስ መጻወቲ ክትከውኒ ኢሉ፡ ኣብታ ናብ ሓሙሻይቲ ገዛይ ዝኣቶኹላ ቀዳመይቲ መዓልቲ ጥምቢ (ኩዕሶ) ሃበኒን ምስ ናይ ጎልፍ ኩዕሶ ኣላለየኒን፡፡ ኣብቲ ገዛ እናተቐመጥኩ ሰሙናት ምስ ኣሕለፍኩ፡ ተኽስተ ዝበሃል ሓወቦይ ብሕማም ምኽንያት ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልየ፡፡ እዚ ከይኣክል፡ ብዓልቲ ቤቱ’ውን ጥዕና ስኢነት፡፡ በዚ ምኽንያት፡ ንህጻን ወደም (ወዲ ሓዋቦይ) ምሕረትኣብ ኣብ ሽውዓተ ወርሒ ዕድሚኡ ንኸእለ ናብ ገዛና ኣምጽኡዎ፡፡ እታ ሕያወይቲ ካልኣይቲ ኣደይ ከኣ ሓንኳፉይ ኢላ ተቐቢላቶ’ን ካብኡ’ዉ እንደ ገና ኸሎ ዝነበረ ሰብ ቤት መኻእ ጸብ እናምጽኣት ኣዕኩኹዮን፡፡ ኣብዚ ህሞት’ዚ ኣፈወርቂ ዝተሰምየ ሓወይ ተወልደ፡፡ እታ ንእሹቶይ ብዕንጸይትን ዚንጎን ዝተሰርሐት ገዛና ከኣ ምቕዕቲ ብምቕዕቲ ኮነት፡፡

ተቐበሉዮን ካብኡዮም እንዳ ገዛ ዝበሃሉ ከብቲ ዝነበራኦም ሰብ ቤት መኻእ ጸብ እናምጽኣት ኣዕኩኹዮን፡፡ ኣብዚ ህሞት’ዚ ኣፈወርቂ ዝተሰምየ ሓወይ ተወልደ፡፡ እታ ንእሹቶይ ብዕንጸይትን ዚንጎን ዝተሰርሐት ገዛና ከኣ ምቕዕቲ ብምቕዕቲ ኮነት፡፡

መንበርና ሓገዘ ናይ ገጠር ሕርሻዊ እቶት ተሓዊሱዎ፡ ከም መንበሮ ናይ ኩሎም ኣብ ከተማ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ደሓንዩ ዝነበረ፡፡ መኣድና ጣይታን ሽሮን ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ትምቱሞን ሓምልን ኣይፍለዩን ነበሩ፡፡ ምስዚ ኩሉ’ዚ፡ ገዛና ምውቕን ሓገስ ዝመልኦን እዩ ዝነበረ፡፡ እንተኾነ ካብ ኣደይ ብሰንኪ ምፍላየይ ሕማቕ ደሰምዒ ስለ ዝነበረ፡ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ኣማዕበልኩ፡፡ በዚ ከኣ ነታ ካብ ኣሕምሮይ ምፍላይ ዝኣበየትኒ ኣደይ ንምርካብ ክቡል ክሕክል ወይ ክኸብልል ጀመርኩ፡፡ እግረይ ናብ ዝመርሓኒ ምስ ኸቐልኩ፡ ብወከዶብ ገደረ፡ ዓዲ ሸማግለ ሓሊፈ ዓዲ በደል በጺሕኩ፡፡

ኣብ ዓዲ በደል ከኒታተይ ዘስተብሃሉ ግዱሳት ሰባት፡ “ወዲ መን ኢኻ፡ ናበይ ደሊኻ?” ኢሎም ምስ ሓተቱኒ፡ ‘ቤት መኻእ ደልየ’ ብምባል ፊቕ ኣለ በኸኽኩ፡፡ በዚ ከኣ ካብ ገዛይ ጠፊአ ከም ዝነበርኩ ተረዲኡ’ሞ፡ ናብ ኣስመራ ዝሽዱ ሰባት ረኺቦም እንዳ ገዛ ቤት መኻእ ከብጽሑኒ ከም ዘሎምም ሓብሮም፡ ምስኣቶም ኣተሓሒዞም ኣፋነዉኒ፡፡ እንዳቦይ ገዛ “ወድኻ ተረኺቡ” ዝብል መልእኽቲ ነቦይ ምስ ለኣኹሉ ብቐጽበት መጺኡ ወሰደኒ፡፡ ኣብ ገዛ ምስ በጻሕና፡ “ኣሰረ በርበረ ክፃጥኖ’ዩ!” ድማ በሉ፡፡ ይኹን’ምበር፡ ሳላ’ታ ብርኽቲ ሰይተ’ቦይ፡ ዝሓሰቦ ኣይገበሮን፡፡ ካብቲ እዋን’ቲ ንደሓር፡ ህልኽ ሓዘኒ ምሕካል ናተይ ኢለ ተተሓሓዝኩዎ፡፡ ኣብዚ እዋን እዚ’ያ ኣደይ ወላዲተይ’ውን ናብ ካልእ ሰብኣይ ኣትያ (ተመርዕያ) ምስኣ ክትወስደኒ ምስ ኣቦይ ምርድዳእ ዝገበረት፡፡

ሰብኣይ ኣደይ ማለት፡ ካልኣይ ኣቦይ’ውን ፖሊስ’ዩ ዝነበረ፡፡ ኣደይ ሐዘትኒ ናብ ሻዱሻይ ገዛይ ንኻምፖ ዛብጥያ ምስ ከድና ከኣ ብፍሽኽታ ተቐበለትኒ፡፡ ካምፖ ዛብጥያ፡ ኣብ ማእከል ከተማ ብድሕሪ ራድዮ ማሪና ኣብ መንገዲ ሬስቶራንት ካስቴሎን ማቸሎርያ እንዳ ጐላን ሲኒማ ክሮቸ ሮሳን ኣብ ትሕቲ እንዳ ኦርሲ ዝርከብ ጸዓዱ ብዘቕመጡዎ ቪላታት ዝተኸበ ፖሊስ ዝቕመጡዎ ኣዝዩ ጽኑዕን ህዱእን ሰፈር እዩ፡፡ ናብዚ ሰፈር’ዚ ምስ መጻእኩ ካልኣይ ኣቦይ (ፖሊስ ኣልመዶም) ልክዕ ከም ካልኣይቲ ኣደይ ብፍሽኽታን ብሓገሰን ስለ ዝተቐበለኒ፡ ኣነ’ውን ኣዝየ ፈቲኹዎ፡፡ ንጽባሒቱ ከኣ ንሹቕ ወሲዱ ሓጺር ስረ፡ ጃኬትን ሳርያንን ኣስፊያለይ እሞ፡ ካብ መጠን ንላዕሊ ተሓጐስኩ፡፡

ኣቦይ፡ ኣደይ ካብ ገዛኡ ሐዚትኒ ናብቲ ሓድሽ ገዛ ቅድሚ ምብጋሰ፡ ኣብ ካምፖ ዛብጥያ ምስ ዝቕመጡ እንዳ ዓርኩ - ፖሊስ ፍስሓጽየን ከተፋልጠኒ ሓቢሩዋ ስለ ዝነበረ፡ ናብ ገዛኦም ወሲዳትኒ፡፡ ሽዑ’የ ምስ ተከአ ፍስሓጽየን (ደሓር ኣብ ኣመሪካ ተማሂሩ ፕሮፌሰር ዘበለ) ዝተላለኹን ኣቦይ ኣብሲግሑ ከም ዝሸኻ ዝፈለጥኩን፡፡ እንዳቦይ ፍስሓጽየን ብሓገስ ስለ ዝተቐበሉኒ፡ ከይደንጎኹ ምስ ደቆም - ተከአ፡ ሓረጉ፡ ኣሰገደትን ካልኦት ክልተ ንኣሽቱን ክጻወት ጀመርኩ፡፡ ብመገዲ ተከአ ከኣ ምስ ኩሎም መሳቱና ደቂ ካምፖ ዛብጥያ ተላለኹ፡፡

ካምፖ ዛብጥያ ኣብ ማእከል ከተማ ዝተደኮነ ብምዃኑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጸጥቃኡ’ውን ብኹሎም እቶም ኣብኡ ካምፖ ከም ሓደ ስድራ ብዘይ ኣፈላላይ ናይ ሃይማኖት፡ ዓሌት፡ ዓድን ኣውራጃን ዝቕመጡ ዝነበሩ ስድራቤታት፡ ከም ኣሕዋት ኮይኖም ኣብ ነንሓድሕዶም ዝተሓላለዩን ዝፋቐሩን ዝነበሩ ደቆምን ብኣደናቕት ዝዘክር ሰፈር’ዩ፡፡ በዚ ከኣ ኣብኡ ዝነበሩ መተዓብይተይ ብኽብሪ እዝክሮም፡፡ ከም ኩሎም ካምፖታት ፖሊስ ናይቲ እዋን፡ ነበርቲ ካምፖ ዛብጥያ’ውን ጥሙራትን ብዲሲፕሊን ደቆም ዘዕበዩን ስለ ዝነበሩ፡ ብዙሓት ዕዉታት ቁልዑ ኣፍርዮም እዮም፡፡ ንምዝኽር ዝኣክል– ካብ ፕሮፌሰር ተከአ ጀሚርካ ናይ ቀጠባ ሕግን ጥዕናን ዶክተራት ጥራይ ዘይኮኑ ናይ ህንጻን ጽገናን መሃንድሳት፡ ናይ ስነምግባር ሓለውትን ፈረዶን ጠበቓታትን ነርሳትን ናይ ቴሌኮሙኒኬሽን ክኢላታትን ካብ ካምፖ ዛብጥያ ፈርዮም ኣብ ግዜ ሰውራ ኤርትራ ግቡኦም ዝፈጸሙ ብዙሓት እዮም፡፡ ካምፖ ዛብጥያ ምዉቕ ምትእስሳር ኣብ መንጎ ደቂ ገዛውቲ ዝነበሮ ኮይኑ፡ ኣነ ሕወሰን ወዑይን ብምንባረይ ምስ ኩሎም ጸቡቕ ዝምድና ነይሩኒ፡፡ ኣብቲ ከበቢ ናብ ዝርከብ ቪላታት እናተዛወርና፡ ኩኽ፡ ካዞማር፡ ወይኒ፡ በለስ ጥልያንን ካልእ ፍረታትን ካንሸሎ ዘለልካ ኣብ ምቕንጣብ መራሒ ደቂ ገዛውትና እየ ነይረ፡፡

ብኩችንቲ፡ ፓሊና፡ ዕንጉሉ፡ ባሊቃ፡ ፍጉርጊ፡ ዓንቲ፡ ፎን፡ ሐፍራ፡ ወዘተ. ምጽዋትን ብሞንቲግ ጕዚይ ደቂ ገዛውትኻ ምብራርን ዘይርሳዕ ናይ ቍልዕነትና ጸወታ ይዝከረኒ፡፡ በቲ ካብ ሓሙሻይ ገዛይ ቅድሚ ምፍናወይ ኣቦይን ኣደይን ዝነበሩዎ ውዕል መሰረት፡ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ኣብ ካምፖ ዛብጥያ ክቕኒ እንከለኹ ቀዳመ ሰንበት ግን ንቪላጆ ጎልፍ ብኣባላት ስድራይ ተሰንየ እኸይድ ነበርኩ፡፡ ን ካምፖ ዛብጥያ፡ በቲ ምስ ደቂ ገዛውተይ ዝጻወቶ ዝነበርኩ ደኣ ኣዝየ ይፍተዎ’ምበር፡ እቲ ናይ ጎልፍ ገዛይ’ውን በተን ጸዓዱ ኩዕሳሱ ስለ ዝተማረኽኩን በቲ ንዕኣን ክደሊ ኣብቲ ጕላጉል ናይ ጎልፍ ዘሕልፎ ዝነበርኩ ግዜን ካብ መጠን ንላዕሊ’የ ዝፈትዎ ዝነበርኩ፡፡ ብሓደ ወገን ምስ ካልኣይቲ ኣደይ፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ምስ ካልኣይ ኣቦይ ምቅማጥ የሐጕሰኒ ነበረ፡፡ ኮይኑ ግን እቲ ኣብ ሰሙን ሰሙን ላዕልን ታሕትን ክብል፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክቕይር ከሎኹ ኣብ ጕዕዞይ ዘስተብሃሉ ዝነበርኩ ኩነት፡ ንሓንሳዕለይ ዘበራብርን ንቕሓት ዝድልዩሉን ብምንባሩ፡ ነቲ ዝነበረኒ ናይ ምሕካል ወይ ምኽባል ልምዲ ካብ ሽዑ ኣትሒዘ ከም ቀሊል ነገር ዘረኣኽዎ ኮይኑ’ዩ ዝስምዓኒ፡፡

ኣብ ዝተፈላለየ ገዛን ቦታን ብምቕማጠይ፡ መን ምዃነይ ብልክዕ ንምፍላጥ የሸግረኒ’ኳ እንተ ነበረ፡ ኣብ ማእከል ጸዓዱ ዝቕመጡሉን ዝኣሉን ቦታታት ብህጻንካ ምንባር ገለ ስምዒታትስ ይፈጥረልካ እዩ፡፡ ገዛውትና (ካምፖ ዛብጥያ) ሰፈር ፖሊስ ብምዃኑ፡ ናብራና ከም ናይ ኩሉ ታሕተዋይ ደርቢ ዝበሃል ኤርትራዊ እዩ፡፡ ስንቂ ፖሊስ ብኮምፕራቲቫ ዝበሃል ይሽመት ነበረ፡፡ ደሞዝ ፖሊስ ንስድራ ዘሎዎ ኣዕጋቢ ኣይነበረን፡፡ ዝጠዘሉ ኣባላት ፖሊስ ከኣ ካብ ገጠር ብዝረኽብዎ ሓገዝ እዮም ዝዕብዩ ዝነበሩ፡፡ ፖሊስ ዝቕመጡሉ ገዛውቲ ጸቢብ ስለ ዝነበረ፡ ብዙሕ ዝበሉ ስድራቤታት ክቕመጥሉ ንጊዶ እዩ፡፡ መግብና ጣይታ፡ ሕልፍ ሕልፍ ኢልካ ከኣ ቅጫ ምስ ዝተፈላለየ ባህላዊ ጸብሒ. እንተ ዘይኮይኑ ስጋ ብጡዚ ወይ ጠል ኣብ ኣውደ ኣመት ጥራይ ተገዚኡ ኢኻ ትርእዮ፡፡ ክዳን እሞ! ዕድለኛ እንተ’ኳንካ ኣብ ኣውደ ኣመት ጠል ወይ ጠፅ ተሓሪዳ ቀርበታ ምስ ተሸጠ ኢኻ ትኸደን፡፡

***

ኣብቲ እዋን’ቲ ናይ ፖሊስ ናብራ ደርጋ ምስ ናብራ ናይ ኩሉ ሸቃላይ ወይ ነጋዳይ ኤርትራዊ ተመሳሳሊ እዩ ነይሩ፡፡ ዝበዝሕ ኣብ ከተማ ዝቕመጥ ሕብረተሰብ ኤርትራ ብናይ ገጠር ሕርሻዊ እቶት ተሓጊዙ ህይወቱ ይመርሕ ስለ ዝነበረ፡ ተማሳሳሊ መኣድን መግብን እዩ ዝነበሮ፡፡ እወ! ካብ ትሕዝቶ ናይቲ መኣዲ፡ ኣብኡ ምስ ተቐረብካ ዝነበረ ፍቕርን ሰላምን መወዳድርቲ ኣይነበሮን፡፡ ኣነ ‘መኣዲ ፍቕሪ’ ኢለ’የ ዝሰምዮ፡፡ ከም ወዲ ፖሊስ መጠን ዋላ’ኳ ኣብ ኣውደ ኣመታት ሓድሽ ክዳን እንተ ዘይተኸደንኩ፡ በቲ ዝነበረኒ ምውቕ ገዛን ፍቕሪ ደቂ ገዛውትን ግን ብዙሕ ዕግሪም ኣይብልን’የ ዝነበርኩ፡፡

ናብቲ ካልእ ናይ ጎልፍ ገዛይ ክኸይድ ከለኹ እሞ እናዓጀኹ ይኸይድ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን ዳርጋ ኩሎም እቶም ዓበይትን መሳቶይን ቦርሳ ናይ መጻወቲ ጎልፍ ንምትካም ደየም ወደስ ዝተቐልዓ ኩዕሶኡ ጎልፍ ንምእራይ ኣብኡ’የም ዝውዕሉ ዝነበሩ፡፡ ሰሙን ጠፊአ ክመጽኦም እንከሎኹ ይናፍቑኒ ስለ ዝነበሩ ንኸዕልሎምን ክሰሓቕምን ይመናጠሉለይ ነበሩ፡፡ ኣነ ከኣ ብዛይ ሕፍረት ኣብ ካምፖ ዛብጥያን ከበኡን ከምኡ’ውን ኣብ ካንሸሎታት እንዳ ጥልያን ዘለልና ኣቲና እንዝብሮ ዝበርና ናይ ኩኽን ካዞማርን ምቕንጣብ የዕልሎም ነበርኩ፡፡

ካልኣይቲ ኣደይ (ኣደይ ኣበ) ብዓልቲ ኣርባዕተ ኣስመራ ስለ ዝነበረትን ኣብ እንዳ የኒታ መሃይምነት ስለ ዘጥፍኣትን፡ ጥቕሚ ትምህርቲ ትፈልጥ ነበረት፡፡ ስለዚ፡ ኣብቲ እዋን’ቲ ኣብ እንዳ ሃሌቃ ተስፋይ (ዓይነ ስዉር) ብድምጺ “ሀ፡ ሁ...” እናተበሃልኩ ወንጌልን ዳዊትን ክመሃር ኣብይ ደፋፍኣትኒ፡፡ በዚ ምኽንያት፡ ምስኣቶም ኣብ ጎልፍ ዝውዕሉ ደቂ ዓዲ ሰገዶ ምሽታዊ እንዳ ሃሌቃ ተስፋይ ክመሃር ሰደደትኒ፡፡ ሽዑ ንዓይ ትምህርቲ ሓድሽ ነገር ስለ ዝነበረ ኣዝዩ ተሓጒሰኩ፡፡ እቶም ሃሌቃ ግን ንዝሽሓ ተመሃሪዶ “ንዓ እሺ ዘወደይ” እናበሉ ሕዝ ኣቢሎም ይቖንጥጡን እዝንኻ ይቖርጥጡን ስለ ዝነበሩ፡ ሓንቲ ምሸት ምስ ቆንጢጦሞኒ ኣዝየ ጸሊእኩዎም፡፡ ኣብታ ምሸት እቲኣ ከኣ ብዙሕ ግዜ ንዘቖንጥጡዎ ዝነበሩ ረድኢ ኣብርሃ ዝበሃል ወዲ ዓዲ ሰገዶ ተመሃራዩም፡ “ንዓ እሺ ረድኢ ወደይ፡ ቁሩብ ክናፈስ ደልየ ኣብቲ ሰብ ዘይብሉ ቦታ ወስደኒ” በሉዎ፡፡ ረድኢ ሆየ ሕራይ ኢሉ መሪሑ ካብቲ ዓዲ ርሑቕ ናብ ዝበለ ብስብረ ዝፍለጥ ጉልጉል ወሲዶም እሞ “እዚ ጽምው ኢሉ እዩ - ኣብዚ ይሕሸኩም” በሎም፡፡ “ሕራይ ዘወደይ ኣይትርሓቐ፡ ክጽውዓካ እዩ” ምስ በሉዎ ግን ረድኢ ኣርያስ ኣብቲ በረኻ ገዲፉዎም ንገዝኡ ተመርቀፈ፡፡ ብድሕሪኡ እንታይ ከም ዘጋጠሞም’ኳ እንተ ዘይፈለጥኩ፡ ካብታ ምሸት እቲኣ ንደሓር ናብ እንዳ ሃሌቃ ተስፋይ ኣይተመለስኩን፡፡

ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ብኸመይን መን ከም ዝወሰደኒን’ኳ ዘይዝክሮ እንተ’ኾንኩ፡ ምስ ደቂ ቪላጆ ዓተሎርያን ፎርቶን ኣብ እንዳ ሃሌቃ ከበደ - ሰራታ እናተመሃርኩ ከለኹ፡ እቲ ንቐልኣይ ግዜ ብኸፍኣትን ተዝክልን ገዳ፡ እንግሊዝ ዝተኣልመ - ብዙሕ ህይወት ዝቐዘፈን ዘይተኣደነ ንብረት ዘዕነወን ናይ ክልተ ሃይማኖት ጎተጽ ከም ዝተኻየደ ይዝከረኒ፡፡ ጉልጓል መጻወቲ ቈልዑ ሰራታ በቲ መውጽኢ ሬሳ ናይ ሆስፒታል ስለ ዝነበረ፡ ኣብኡ እናተጻወትና ከሎና፡ ጀሉብያን ካልእ ጽሩይ ክዳንን ዝተኸደኑ፡ ቀጠልያ ጥንዴራ ዝተዓጥቑ ሰባት ኣብቲ ንጻወተሉ ዝነበርና ቦታ ይተኣኻኸቡ እሞ፡ ከም መዝሙር ኩሎም ብሓንሳብ እናዘመሩ እንከለዉ ሬሳ ዝመስል ነገር ዝሓዘ ቃሬዛ ካብቲ ሆስፒታል ይወጽእ፡፡ ንዓና ከኣ ዓበይቲ ሰብኡት ምስ ሃሌቃ ከበደ መጺኦም፡ “ኣልግሱ እዝም ደቀይ፡ ናብ ገዛኹም ኪዱ” ኢሎም ገንሒና፡፡ ኩላትና ተኣኻኺብና ድማ ንፎርቶ ገጽና ደየብና፡፡ እቶም ቃሬዛ ዝተሰከሙ እናዘመሩ ካብቲ ሆስፒታል ንማእከል ከተማ ገጾም ምስ ከዱ፡ ተፈላሊና ናብ ገዛና ከድና፡፡

ድሕሪ ነዊሕ እዋን፡ ምስ ዓበኹ ከም እተነገረኒ፡ እቲ ብቃሬዛ ተሰኪሞምዎ ዝነበሩ ሰብ ዝመስል ነገር ጉንዲ እዩ ነይሩ፡፡ ነቲ ጉንዲ ኣብ ማይ በላ ጥቓ ማሰበድ ዓብደልቃደር ጀላኒ ምስ ደርበዩዎ ድማ’ዩ ጎተጽ ዝተጀመረ፡፡ እዚ ሕማቕ ጎተጽ’ዚ፡ ብውዲት እንግሊዛውያን ከም ዝተበገሰ’ውን ተገሊጹ፡፡ ኣብቲ እዋን’ቲ እየ ምስ ዘይርስዖም ደሓር ምስ ዓበኹ ኣዕሩኽተይ ዝኾኑ ደቂ ሰራታ (ማይ፡ ብዓል ርእሶም ወዲ ሽቃ፡ ዕንዱ፡ ንገሱ፡ በርሀ፡ ብርሃኑ፡ ይልማ ወዲ ቺፖላ፡ ወዲ የጁ፡ ወዲ ሓከም፡ እስቲፋኖስ ከየማ ምስ ኣሕዋቱ ሃረርኣብን ተስፋይን፡ ደቂ ኣንቨት፡ ኣብርሃ ፊናንሳ ምስ ሓዉ ማስፍን፡ ደቂ ፓርዳኔ፡ ከምኡ’ውን ደቂ ፎርቶ ብዓል እስቲፋኖስ ደምሳስ ምስ ሓዉ፡ ትሕተ ፎርቶ ገዛውቶም ብዓል ስዩም፡ የማን የማነ ምስ ሓዉ፡ ደቂ ዓተሎርያ፡ ደቂ ካሻሎ ጎይትኦም፡ ገዘኡ ክፍላይን ካልኦት ብዙሓት ደቂ ቪላጆን ዝተላለኹ፡፡

ይቕጽል . . .

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ስእሊ. - ኣብርሃም በየነ

ሻሙናይ ክፋል

# ገስጋስ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን - ካበይ ናበይ

*ዝሞዴ ልምዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣብ 7ይ ክፋል ናይዚ "ገስጋስ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን - ካበይ ናበይ" ብዝብል፡ ንንጥፈታት ቀዳማይን ድሕሪን ናጽነት ናይቲ መደብ ዝድህስሱ ምስ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይሬክተር ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይቲን ሚድያን ኣቶ ገብረዝጊ ደማምን ኣብቲ ክፍሊ፡ ሓላፊ ጨንፈር ምውጣንን ምምህላንን ካሪክለም ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣቶ ትኳቦ ኣይመትን ዝተኻየደ ቃለ መሕተት፡ ብተኸታታሊ ናቕርበሎም እንቦሎ ዘለና ጽሑፍ፡ መሃይምነት ይጠፍእ ኣሎ ንብል'ኳ እንተለና፡ ስክፍታ ናይ ደጊ ስለ ዘሎ ዚ ንምዕቃብ ዝኸዱ ጽሑፋት ብንቕሚ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ይኹን ብኻልእ ናብ ታሕቲ ከወርድ ከሰረሓሉ፡ መጓልታዊ ዝሕተማ ጋዜጣታት ዝጽሓሉ መጽሄ፡ ብዘፋልን ብዑቱብን ተታሒዙ ክሰርሓሉ፡ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ካብ ምጽሓፍን ምንባብን ምኽኣል ሓሊፉ ሕርሻን ጥዕናን ከይጸገመን ክኑብ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ተሳቲፈን ነጥቢ ኣምጺኣን ትምህርተን ኣብ ኮሌጃት ቀጺለን ንዝተመረቓ ደቀንስትዮን ኣደታትን ከም ኣብነት ወሲዱኩ ብዝሓየለ ክሰርሓሉ፡ ምጥፋእ መሃይምነት መሰረታዊ ካብ ምዃን ሓሊፉ እንታላይ በዘይዩታቱ ሞያ ናብ ዘቕሰም ዓውዲ ክዓቢ ዘበርህ ትሕዝቶ ሐዘ ቀረበ ነይሩ። ሻሙናይ ክፋሉ ይስዕብ–*

**• ምጽሓፍን ምንባብን ስለ ዝተኻእለ ጥራይ ኣኻሊ ድዩ፧ ንኹሉ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ምርኣዩ ጽቡቕ ስለ ዝኾነ ተበጻሒነት፡ ብደረጃ ጾታ፡ ዕድመ፡ ሰፍራ (ገጠርን ከተማን) እንታይ ይመስል ከተብርሁልና፧**

"እታ መሰረታዊት ነጥቢ እትመጽእ ዘላ እኮ ንሳ እያ። ኣብዚ ንሕና፡ ብምጣኑ እንኽህበሉ መለክዒ፡ ብዝተሓተ ትርጉሙ ምጥፋእ መሃይምነት ሱብ ክትዕቅኖ እትኽእል፡ 'ኣንቢቡን ጽሒፉን ይኽእልዶ፧ ፈተና ሂብካዮ ንትሕዝቶ ናይቲ ፈተና ተረዲኡ ክምልስ ይኽእልዶ፧ ብስእሊ'ውን ምጥፋእ መሃይምነት ስለ ዘሎ፡ ትሕዝቶኡ'ውን ክትርድኦ ክትክእል ስለ ዘለካ። ስእሊ ርእዩ ከለሊ ይኽእልዶ፧ ዝተጠቕዐ ፖስተር ርእዩ ክርድኦን ክገልጾን ይኽእልዶ፧' እቲ ሱብ ነዚ ምስ ዘይብቅዕ መሃይምነት ኣጥፊኡ ክበሃል ኣይክኣልን እዩ። እታ ንሕጂ ንፍትና ዘለና እዚኣ'ያ። ተወሳኺ፡ ቍጽሪ ብሓሳብ ክትፈልጥ ትክእል ኢኻ። ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ክትድምር፡ ከተጉድል፡ ክትመቅልን ከተርብሕን ናይ ምብቃዕ ደረጃኸ ተበጺሑዶ፧ ምስኡ ዝርአ'ዩ።

"በዚ መንጽር ክንከይድ ከለና፡ ናትና መዐየሪ ኣሎና፣ ብደረጃ ዓለም ዘሎ ከኣ ዩኔስኮ ኣሎ። ዝያዳ ስእሊ ንምሃብ ግን፡ እዛ ተኻዪዳ ኣላ እንብላ ዘለና መጽናዕቲ፡ ኣብ ከመይ ደረጃ ኣለና ክትነግረና እያ። ኣብዚ መዳይ ዘሰክፉ እንብለን ዞባታት፡ ጋሽ ባርካ ሓንቲ እያ። ገፋሕ ምስ ምዃና ብሓደ ወገን፡ መንብሮ ናይቲ ህዝቢ ኣብ ዝተፈላለየ ቀጠባዊ ኩነታት ምምእራር ደድሕሪ እንገራ ስለ ዝኾነ፡ ኣብዚ ሓያል ስራሕ ከድልየና እዩ ኢልና ኢና ንሓስብ። ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ እውን፡ ዋላ'ኳ ብመጠኑ እቲ ህዝቢ ውሑድ እንተኾነ፡ ኣብ 2008 ዝገበርናዮ ዳህሳስ ኩለን ዞባታት፡ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ጋሽ ባርካን ብቐደም ተኸተል ሓሙሽይቲን ሻድሽይቲን ተሰሪዐን ነይረን። ሕጂ ግን፡ ኣብዘ ተኻይዳ እንብላ ዘለና መጽናዕቲ ካልእ ቍጽሪ ወይ ውጽኢት ከተርእየና ንጽበ ኣለና። ናይተን ዝተረፋ ዞባታት ግን ደረጃአን ተመሳሳሊ ኮይኑ ኢና ረኺብናዮ። ኑቲ እንረኽቦ ቍጽሪ ድማ፡ መወከሲ ገይርና ክንሰርሓሉ ኢና። ደቡብን ማእከልን ከም ኣብነት እንተ ደኣ ወሲድና፡ 'ኣይንተሓላለፍ' በሃልቲ እየን። ከም ውጽኢት ናይዚ ክልቲአን ዞባታት ኮማዊ ቤት ንቡብ ምኽፋት፡ ምቹእ መምሃሪ ከባቢ ምፍጣር፡ ቡብዓይነቱ ጽሑፋት ምብርካት ወዘተ እዩ ኣንፈተን። ዞባታት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ዓንሰባን ከኣ፡ ኩነታተን ተመሳሳሊ ኮይኑ፡ ተቐራራቢ ደረጃ ዘለወን'የን።



ኣቶ ትኳቦ ኣይመት

"ብጭብጥ ውጽኢት እዚ'ዩ ኢልና ክንዛረብ፡ ምጣነ መሃይምነት ተማሓይሹ'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣዝዩ ዓብዩ'ውን እዩ። ከምቲ እንደልዮ ዘይከኸውን ይክእል'ዩ፡ ቁሩብ ለጠቕታ ክህልዎ ይኽእል'ዩ። ንሕና ግን ኣብ ግቡእ ደረጃ ኣለና። ኣንቢብካን ጽሒፍካን ምኽኣል ድማ፡ መበገሲ'ምበር መወዳእታ ስለ ዘይኮነ ግን፡ ከምቲ ዝተጠቕሰ ብሞያ ክትኣሳሰርን ኣብ ስራሕ ክውዕልን ስለ ዘለዎ ክጸዓረሉ ዘለዎ'ዩ። ንኣብነት፡ ሓንቲ ዓዲ ወይ ምምሕዳር ከባቢ ብጸጋታት ሃብታም ክትከውን ትክእል እያ። ክትጥቀመሉን ከተማሓድሮን እንተ ዘይክኢላ ግን፡ ትርጉም የብሉን። ኣፍዓበትን ናቕፋን ከም ኣብነት እንተ ደኣ ርኢና፡ ብመደብ ምጥፋእ መሃይምነት ተማሂረን 12 ክፍሊ ዛዚመን፡ ኣብ ስራሕ ተቘጺረን ርእሰን ዝኸእላ ደቀንስትዮ ኣለዋ። ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ክሕግዛ ዝኽእላ ኸኣ ንሰን እየን። ናተን ህላወ ከም ጸጋ ተጠሚቲ፡ ስራሕ ባንክ በሎ፡ መውዓሊ ህጻናት፡ ካልእ ምንባብን ምጽሓፍን ኣብ ዝሓትቱ ዕማማት ተመዲበን ከም ዝሰርሓ ይግበር ኣሎ።

"እዚ ከምዚ እናኾነ፡ ብሓፈሻኡ ብመደብ ምጥፋእ መሃይምነት ሓሊፎምን ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃን ኪኸዶኡን ሰጊሮም ትምህርቶም ቀጺሎምን ምንባብን ምጽሓፍን ኣብ ዝሓትት ስርሓት ዝተቘጽሩ ክንደይ ዝኣኽሉ ዜጋታት ኣለው፧ ነዚታት እናረኣናዮ ምስ ከድና፡ ውጽኢት ናይቲ ትምህርቲ ኣብ ባይታ እናሰፍሐ ይኸይድ ኣሎ። ብሓፈሻኡ ግን፡ እቲ ክበጻሕ ዝድለ ዘሎ ብሚእታዊት ግን፡ ኤርትራ ጸገም የብላን። ምናልባት ምስ ካልኦት ሃገራት ትሕተ ሰሃራ ብምንጽጻር ኤርትራ ኣዚያ'ያ ትሓልፈን። ደረጃ ምድባ ምስ ካልኦት ዓበይቲ ዝበሃላ ሃገራት'ዩ። ኣብ መንእሲያት እንተረኣና'ውን፡ ዩኔስኮ ብዝገበሮ መጽናዕቲ መሰረት - ደረጃኣ ምስ ከም ብዓል ቻይናን ኢራንን ብራዚልን ወዘተ ዝኣመሰላ ዓበይቲ ሃገራት'ያ ተሰሪዓ እንረኽባ።

"ይኹን'ምበር፡ ኣብ ገለ ራሕቂ ቦታ ዝጠንቁ፡ ጋሽ ባርካ እንተ ደኣ ኢልና፡ ኣብዚ ከም ኣብነት ዝጥቀሱ ሕብረተሰብ ብዳዊት'ዮም። እዞም ሕብረተሰብ ዝነብሩሉ ከባቢ መኪና ተጠቒምካ እግርካ ወሲኽካ'ውን ብቐሊሉ ዘይብጽሑ ከባቢታት ኣለው። እቶም ገና ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸቡ ዘለዉ ከኣ፡ ነበርቲ ናይቶም ክሳብ ሕጂ ክበጽሑ ዘይተኻእሉ ከባቢታት እዮም። እዚኦም ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ እንንጓዘሉ ዓቲብካ ካብ ትዛረበሎም እዮም። ስለዚ እዚን ክንደዚን ዝሓልኩ ንኣሽቱ ነገራት ክፍትሐ እንተ ደኣ ክኢሎም፡ ተቐሲሙ ዘሎ ተመኩሮን ተኣኪቡ ዘሎ ሓበሬታን ኣብ ጽቡቕ መድረኽ ምህላውና'ዩ ዘረድእ። ብዘይካ'ዚ፡ ብውጥንን ተወሃሂድናን ክንሰርሕ መሻርኽቲ ኣካላት ኩለን ዞባታት ተመኩረናሉ ኣለዋ። ጥራይ መበገሲ ክንደዚአን ገንዘብ ኣለኩም፡ ዘውሰኽ ወሲኽኩም ገለ ግበሩ ኢልካዮም ይሰርሑ ስለ ዘለው፡ ኣብዚ መዳይ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ኢና ዘለና። 'ብልክዕ ክንደዚ'ዩ ምጣኑና' ክንብል ግን፡ ኣብ ክንዲ ብግምት፡ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ተጻፊፉ ክዘርጋሕ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ኢድና ምስ በጽሐ ንዕኡ መሰረት ገይርና ክህብትም ዘለዎ ሓሳብ ክኸውን'ዩ።"

**• ክሳብ ሕጂ ኣብ ትምህርቲ ዘይተጸንበሩ ህጻናት፡ ምስ ዘይምጥፋእ መሃይምነትዶ ወይስ ብኻልእ ኢኹም ትሕዝዎም፧ ዛጊት ኣብዚ ዝገበርኩሞ መጽናዕቲኸ ኣሎዶ፧**

ኣቶ ገብረዝጊ



ኣቶ ገብረዝጊ ደማም

"ኩሉና ከም እንፈልጦ፡ መንግስቲ ኣብ ኩሉ ዓድታት ቤት ትምህርቲ ቅድመ ትምህርቲ (መውዓሊ ህጻናት) መደብ ይጀምር ኣሎ። ዝበጽሑ 4ን 5ን ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት ቤት ትምህርቲ ተኸፊቱሎም ክመሃሩ ክጅምሩ'ዮም። ብኸምዚ ኣብ ኩሉ ጥጡሕ ባይታ እንተ ደኣ ተዋዲዱ ዕድል ክረኽቡ ዘይጸንሑ ቈልዑ ክመሃሩ ዕድል ክፈጥር እዩ። ቅድሚ ሕጂ ቤት ትምህርቲ ዘይጸንሓ ዓዲ፡ መሃይምነት ዘጥፍኡ ዓበይቲ'ውን እንተልዮም፡ ክመሃሩ ዕድል ክረኽቡ'ዮም። ስለዚ፡ መንግስቲ ብመሰረቱ እዚ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ከም መበገሲን መሰረትን ሒዝዎ ስለ ዘሎ፡ ሓዲግ ኣብ ዝኾኑ ከባቢታትን ዓድታትን ናይ ትምህርቲ ዕድል ይኽፈተለን ስለ ዘሎ፡ ጐድኒ-ጐድኒ ናይ ዓበይቲ ከምኡ'ውን ናብ መባእታ፡ ማእከላይ ደረጃ ዝዓቢ ቤት ትምህርቲ ክኽፈት'ውን ጸገም የብሉን። ስለዚ፡ ዓበይቲ ወይ ወለዲ ከይተማህሩ ንህጻናት ደቆም ብትምህርቲ ክኾስኩሱ ስለ ዘይክእሉ፡ እዚ ዕድል እናተረኣየና፡ መውዓሊ ህጻናት ኣብ ዝተኸፍተን ዓድታት፡ ጐድኒ ጐድኑ ዓበይቲ'ውን ኣብ ገለ ደረጃ ክበጽሑ፡ ምጽሓፍን ምንባብን ምቕማርን ክኢሎም ንርእሶም ክምዕብሉ፡ ክመሃሩን መሃይምነት ከጥፍኡን ስለ ዘለዎም ትምህርቲ ንዓበይቲ ክቕጽል ክንንሳገስ ኢና። ብትምህርቲ ዕዉታት ብምባል፡ ገለን መምህራን ኣብ መውዓሊ ህጻናትን መባእታን ገለን ድማ ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ ተመዲበን ዝሰርሓ ዘለዋ ዝበልናየን ደቀንስትዮና ብኸምዚ ዝሓለፉ እየን። ንኸምዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ክዓምማ ዘይተጸገማ፡ ንዓበይቲን ንልዕሊ ዕድመ ቈልዑን ክምህራ ጸገም የብለንን። ስሩዕ ትምህርቲ ዘይኣተወ ዓድታት ምጥፋእ መሃይምነትን ናይ ልዕሊ ዕድመ ቈልዑን ተኸፊቱለን ጸኒሑ። ስለዚ፡ እቲ ዕድል ብኸምዚ ኣገባብ ኣብቲ ርሑቕ ከባቢታት ክኽፈትን ብዘበለጸ ንቕሓት ዜጋታት ኣብ ምብራኽ ዕዙዝ ግደ ክህልዎን'ዩ ዝብል ርእይቶ ድማ'ዩ ዘለና።"





መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ድሕሪ ናጽነት

ይቕጽል...

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሩስያ፡ ኣብ ኪየቭን ከባቢኣን መጥቃዕቲ ፈጺማ




ሩስያ፡ ትማሊ ረቡዕ ኣብታ ርእሰ ከተማ ዩክሬን ዝኾነት ኪየቭን ከባቢኣን ብዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ሚሳይላትን ብውሕዱ 5 ሰባት ከም እተቐትሉን ኣብ ትሕተ ቅርጺ ጸዓት ድማ ከቢድ ዕንወት ከም ዝወረደን፡ ሰበ ስልጣን ዩክሬን ገሊጾም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ዩክሬን ሰርጊ ኩሬትሰኪ ብቴሌግራም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ “ሩስያ፡ ኣብ ኪየቭን ካልኦት ዞባታትን ኣብ ዝርከብ ትሕተ ቅርጺ ጸዓት ዩክሬን ሰፊሕ መጥቃዕትታት ፈጺማ ኣላ” ክብል ኣመልኪቱ።

“ካብ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣዋርሕ ኣትሒዙ፡ ኣብ ልዕሊ ትሕተ ቅርጺ ጸዓትና መጥቃዕቲ ከይተፈጸመሉ ዝሓለፈት መዓልቲ ዳርጋ የላን። ከምዚ ዓይነት ዝተወሃሃደ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ግን ተፈጺሙ ኣይፈልጥን እዩ” ክብል እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ እውን በቲ ናይ ትማሊ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ኪየቭን ከባቢኣን ቀረብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ተዓናቒፉ ከም ዘሎ ገሊጹ።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ እታው ፍርያት ካናዳ ዘጽደቐቶ እገዳ ተግባራዊ ኮይኑ

ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ካናዳ ናብ ዕዳጋታታ ዝኣቱ ብጠቕላላ ዋጋ ሓደ ቢልዮን ዶላር ዝግመት ንግዳዊ ፍርያት ዘንበረቶ እገዳ ካብ ትማሊ ሰሉስ ጀሚሩ ተግባራዊ ከም ዝኾነ ተሓቢሩ።

ገለ ካብቲ ናብ ኣመሪካ ከይኣቱ ተኸልኪሉ ዘሎ ፍርያት ካናዳ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት፡ ፍርያት ጸጋን ሞተር ብሽክሊታታትን ዝርከቦ እዩ።

እቲ እገዳ ነቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ካናዳን ዝካየድ ዓመታዊ 880 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ንግዳዊ ልውውጥ



ብኸፊል ክጽልዎ ተኽእሎ ከም ዘሎ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ እገዳ ካልእ ምዕባለ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ናይ ነዊሕ እዋን መሻርኽታ ዝነበረት ካናዳን ዘሎ ንግዳዊ ኩናት ዘርኢ ምዃኑ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም የረድኡ።

ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፈ ኑሓሰ ኣብ ልዕሊ 20 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ንግዳዊ ፍርያት ካናዳ ናይ 50 ሚእታዊት ቀረጽ ካብ እተንብር ንደሓር፡ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዘሎ ንግዳዊ ግጭታት እናገደደ ይመጽእ ከም ዘሎ ይንገር።

ካናዳ ብወገና፡ ኣብ ልዕሊ 700 ዓይነት ንግዳዊ ፍርያት ኣመሪካ ካብ 15 ክሳብ 50 ሚእታዊት ዝበጽሕ ቀረጽ ወሲና ምህላዋ ይፍለጥ።

## ነፋሪት ‘ፍላይ ዱባይ’፡ ኣብ ሰዑዲ ዓረብ ብህጹጽ ክትዓልብ ተገዲዳ

ካብ ዱባይ - ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ተበጊሳ ናብ እስራኤል ትገዓዝ ዝነበረት ንግዳዊት ነፋሪት፡ ኣብ ሰዑዲ ዓረብ ብህጹጽ ክትዓልብ ከም እተገደደት ተሓቢሩ።

እታ ብመገዲ ኣየር ‘ፍላይ ዱባይ’ እትውሃብ ነፋሪት፡ ኣብ ጉዕዞ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ኣብ መንጎ እቶም ኣብረርቲ ብዘተፈጥረ ባእሲ ብህጹጽ ኣብ ንግስነት ሰዑዲ ዓረብ ኣብ ዝርከብ መዓርፎ ነፈርቲ ታቡክ ክትዓልብ ከም እተገደደት፡ ማዕከናት ዜና እስራኤል ንሰበ ስልጣን እስራኤል ብምጥቃስ ጸብጺበን።

ኣብታ ነፋሪት ዝነበሩ ተሳፈርቲ ብወገኖም ን ‘ቻነል 12 እስራኤል’ ብተሌፎን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣብ ቅድሚት ክፋል ናይታ ነፋሪት ጭደራ ዝመልኦ ዘረባታትን ምትህልላኽን ኣብ መንጎ እቶም ኣብረርቲ ከም ዝሰምዑ፡ በዚ ድማ እታ ነፋሪት ካብ ዱባይ ድሕሪ ምብጋሳ ነዊሕ ከይበረረት መጠንቀቕታ ክትህብ ከም ዝጀመረት ሓቢሮም።

ካብ ቤት ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ዝወጸ መግለጺ ድማ፡ “እቲ ፍጻመ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣትዩ ኣሎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ፡ ኩሎም እስራኤላውያን ተገዓዝቲ ብሰላም ናብ ሃገሮም ንምምላስ ኩሉ ዓይነት ንጥፈታት ይካየድ ኣሎ” ክብል ኣረዲኡ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ብሰበ ስልጣን እስራኤል ዝወሃብ ዘሎ መግለጺታት ብናጻ ኣካል ክረጋገጽ ከም ዘይከኣለን ተወሲኺ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ድማ ድሒሩ ክወሃብ ምዃኑን እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ኣብ ሰራሕተኛታት ነፈርቲ ዝጋጥም ባእስን ንዕኡ ሰዒቡ ዝኸሰት ብህጹጽ ናይ ምዕላብ ፍጻመታትን ሳሕቲ ዝርአ ምዃኑ ዘረድኡ ጸብጻባት፡ ኣብ 2022 ክልተ ኣብረርቲ መንገዲ ኣየር ፈረንሳ ካብ ጀንቫ ናብ ፓሪስ ኣብ ትገዓዝ ዝነበረት ነፋሪት ድሕሪ ምብኣሶም'ውን ካብ ስራሕ ተኣጊዶም ምንባሮም የመልክቱ።




## መንግስቲ ዩክሬን፡ ናይ ምወላ ሕጽረት የጋጥሞ



መንግስቲ ዩክሬን፡ ኣብ 2027 ወተሃደራዊ ንጥፈታቱ ንኽየቀጽል ናይ 27 ቢልዮን ዶላር ሕጽረት ምወላ ኣጋጢምዎ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ጠቕላላ ወተሃደራዊ ወጻኢታት ናይ'ታ ሃገር ድማ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ጥራይ 155 ቢልዮን ዶላር ክበጽሕ ከም ዝኽእል፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ሰርጊ ኩሬትሰኪ ትማሊ ረቡዕ ገሊጹ።

እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ መንግስቲ ካብ'ቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ሕጽረት ባጀት ነቲ 7 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ብምውጋድ፡ ንኻልእ ክፍሊታት ተባዚሉ ካብ ዝስሎዕ ባጀት ዳግማይ ብምምዳብ ክሽፍኖ መደብ ከም ዘለዎ፡ ነቲ ዝተረፈ 20 ቢልዮን ዶላር ድማ ብኸመይ ከም ዝሽፍኖ ምስ መሻርኽቲ ይዛራረብ ከም ዘሎ'ን ገሊጹ።

እዚ ዝበሃል ዘሎ ናይ 155 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ወጻኢታት ናይ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ንወሽጣዊ ወጻኢታት መንግስትን ካብ ባጀት መንግስቲ ወጻኢ ንዝኾነ ወተሃደራዊ ሓገዝ ምዕራባውያን መሻርኽቲ ዩክሬንን ዘጠቓልል እዩ።

ኣብ 2026፡ ዩክሬን ብሰንኪ ምድንጓያት ኣተግባብራ ጸገማትን ብልሽውናን ከም'ኡ'ውን ኣብ መንጎ መንግስትን ኣባላት ባይቶን ብሰንኪ ዝተፈጥረ ዘይምስምማዕ ናይ ወጻኢ ወተሃደራዊ ሓገዝን ፋይናንሳዊ ደገፍን ኣብ እዋኑን ምሉእ ብምሉእን ክትረኽብ ከም ዘይከኣለት እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዩክሬን ምስ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ ሕቡራት ኣውሮጳን ንዝኣተወቶ ናይ ጸገም ቃል እንተ ዘይኣተግበራ፡ 29.5 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ናይ ወጻኢ ሓገዝ ክትከስሮ ከም እትኽእል፡ ኩሬትሰኪ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ሕጽረት ምወላ ኣብ መንጎ ናይ ምወላ ጠለባትን ፋይናንሳዊ ጸጋታትን ሓንቲ ሃገር ዝሎ ፍልልይ ዝዋሃሃም ማስርሕ ምዃኑ፡ ተንተንቲ ቁጠባ የረድኡ።

## ሞሮኮ - ናይ ፈለማ ጓል ኣንስተይቲ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ተመሪጻ

ንጉስ ሞሮኮ መሓመድ ሻድሻይ፡ ፋጢማ ኢ.ዛህራ ማንሱሪ ንዝተባህለት ፖለቲከኛ ናይ ፈለማ ጓል ኣንስተይቲ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ክትከውን ከም ዝመረጸ ንጉሳዊ ቤት መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሩ።



ፋጢማ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ክትከውን በቒዓ ዘላ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝተኻየደ ባይቶኣዊ ምርጫ ሞሮኮ፡ ንሳ እትመርሖ ፖለቲካዊ ውድብ ድሕሪ ምዕዋቱ እዩ።

ፋጢማ እትመርሖ ሊበራላዊ ማእከላይ ሰልፊ፡ ኣብቲ ብ23 መስከረም ዝተኻየደ ድምጺ ናይ ምሃብ መስርሕ፡ ካብ 395 መናብር ታሕተዋይ ባይቶ 97 መናብር እኳ እንተ ረኸበ፡ በይኑ መንግስቲ ከቐውም ስለ ዘይክእል ግን፡ ምስ'ቶም ካልኦት ሰልፍታት ክሰፈን ኣለዎ።

በዚ ድማ እቲ ንጉስ ነታ ኣቐዲማ ሚኒስተር ኣብይትን ከንቲባ ከተማ ማራካሽን ኮይና ዘገልገለት ጓል 50 ዓመት ጠበቓ፡ ኣብ ዝቕጽል መዓልታት ሓድሽ መንግስቲ ንምቛም ሓላፍነት ከውሃባ ምዃኑ፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሓቢሩ።

ፋጢማ፡ ነታ ካብ 2021 ክሳብ 2023 ቀዳመይቲ ሚኒስተር ቱኒዝያ ኮይና ዘገልገለት ናጅላ ቦውደን ተኸቲላ ኣብ ሃገራት ዓረብ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኮይና ዝተመርጸት ካልኣይቲ ጓል ኣንስተይቲ ኮይና ኣላ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን | 1/10/2026 | ጎደና ናቕፋ ቁ.223፡ጥቓ እንዳ ማርያም ጥቓ ባር ትራስተለ | 122798 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services